# ኮሚሽን ስነ-ምግባርን ፀረ-ግዕዝይናን ክልል ትግራይ

## ሰነድ ውፅኢት መፅናዕቲ ስርዓት ኣሰራርሓ

**መፅናዕቲ ዝተኻየደሉ ቤት ዕዮ፦**

**ቤት ፅሕፈት ሲቪል ሰርቪስ ክፍለ ከተማ ዓይደር**

**መፅናዕቲ ዝተኻየደሉ ከይዲ ስራሕ/ተግባር፦ ምሕደራ ሓይሊ ሰብ**

**መፅናዕቲ ዘካየደ በዓልቲ ሞያ፦ ሕርይቲ ኣረጋዊ**

መጋቢት 2008 ዓ.ም

<u>**መቐለ**</u>

## መእተዊ

ብቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ተመሓይሹ ዝወፀ መጣየሺ ኣዋጅ ኮሚሽን ስነ-ምግባርን ፀረ-ግዕዝይናን ክልል ትግራይ ኣዋጅ ቁፅሪ 208/2003 ዓንቀፅ 9 ን/ዓንቀፅ 3 መሰረት ንግዕዝይናን ብልሽው አሰራርሓን ዝተቓልዑ ወይ ክቓልዑ ዝኽእሉ አሰራርሓታት ብምፅናዕ ንክመሓየሹ ብመፅናዕቲ ብዝተደገፈ መልክዑ ከምዘማኽርን ንተግባራዊነቱ ከምዝከታተልን ተቐሚጡ ይርከብ፡፡

በዚ መሰረት እዚ ኮሚሽን ብህዝብን መንግስትን ዝተወሃቦ ተግባርን ሓላፍነትን በኣግባቡ ንምውፃእ ምስ ናይ ሃገርናን ክልልናን ዝወፀ ትልሚ ዕብየትን ትራንስፎርሜሽንን ብምጥዕዓም ንግዕዝይናን ብልሽው አሰራርሓን ንምክልኻል ስትራተጂክን ዓመታውን ትልምታት ኣውፂኡ ንተግባራዊነቱ ኣብ ምንቕስቓስ ይርከብ፡፡

ብኮሚሽን ስነ-ምግባርን ፀረ-ግዕዝይናን ተታሒዞም ዝነበሩ መደባት ምክልኻል ግዕዝይና ንምትግባር ኣብ ኣብያተዕዮን ትካላት ልምዓትን መንግስቲ ንግዕዝይናን ብልሽውን አሰራርሓ ዝተቓልዑ ወይ ክቃልዑ ዝኽእሉ ኣብ ከይዲ ስርዓት አሰራርሓታት ዘድሃበ ቅድመ መፅናዕቲ ብምክያድ ትግበራ መፅናዕቲ ዝካየደለን ኣብያተ ዕዮን ዝፅንዑ ከይዲ ስራሕትን ተግባራትን ብቕደም ሰዓብ ብምንፃርን ቀፃሊ ክትትል ብምክያድን ዝተረኸበ መረዳእታ ውፅኢቱ ብምግምጋም ናብ መፅናዕቲ ንምእታው ተኻኢሉ እዩ፡፡

በዚ መሰረት ናብ ዝርዝር መፅናዕቲ ንምእታው ዝሕግዝ ትልሚ ብምድላው **ናብ ቤት ፅሕፈት** ሲቪል ሰርቪስ **ክፍለ ከተማ ዓይደር ኣትዩ ምሕደራ ሓይሊ ሰብ** ብዝምልከት ናይ 2005 ካልኣይ ፍርቂ ዓመት፣ 2006፣ 2007ን 2008 ቀዳማይ ፍርቂ ዓመት ዝተኻየዱ ስራሕቲ መሰረት ዝገበረ መፅናዕቲ ስርዓት ኣሰራርሓ ተኻይዱ እዩ፡፡ ኣብቲ መፅናዕቲ ከም መልዓሊን ፍልፍል ሓበሬታን ዝተጠቐምናሎም ኣዋጃት፣ መምርሒታትን ካልኦት እቲ ቤት ዕዮ ዝተጠቐመሎም ሰነዳትን ምሕደራ ሓይሊ ሰብ፣ ዝምልከቶም ኣካላት ብምሕታትን ሓበሬታ

ብምእካብን ናይ ዝተረኸበ ጉድለታት ኣፈፃፅማ ምስ መፍትሒ ሓሳባት ከምዝስዕብ ተዳሊዩ ቀሪቡ ኣሎ፡፡

## ዕላማ እዚ መፅናዕቲ፦

- ኣብ ከይዲ ምሕደራ ሓይሊ ሰብ ንግዕዝይናን ብልሽው አሰራርሓን ዝተቓልዑ ወይ ክቓልዑ ዝኽእሉ አሰራርሓታት ብምፍታሽ ጉድለታት ክስተኻኸሉ ብምግባር ግዕዝይና ምክልኻል፣

- ምስ መንግስታዊ ኣብያተ ዕዮን ትካላት ልምዓትን መንግስቲ ብምትሕግጋዝን ብምምኻርን ንግዕዝይናን ብልሽው አሰራርሓታትን ዘዳኽም ኩነታት ንምፍጣርን ካልኦት ሴክተራት ክምሃርሉ ዝኽእሉ ተሞክሮታት ንምግፋሕን እዩ፡፡

## መፅናዕቲ ንምክያድ ዝተጠቐምናሎም እታዎታትን ፍልፍሎምን

## ሀ. ኣዋጅ፣ መምርሒታትን ካልኦት ሰነዳትን

- ❖ መስርሕ ማንዋል ማእኸል ግልጋሎት ኣካየድቲ ስራሕ ቐበሌ ከተማታት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
- ❖ መፅናዕቲ መሰረታዊ ለውጢ ከይዲ ስራሕ (BPR) ከይዲ ስራሕቲ
- ❖ ኣፈፃፅማ መምርሒ መረጋገፂ ብቕዓት ሙያ ሰራሕተኛታት ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ቑፅሪ 10/2005
- ❖ ዝተመሓየሸ ኣፈፃፅማ መምርሒ ተደላይ ኽእለትን ብቕዓትን ሰራሕተኛታት መንግስቲ ትግራይ ቑፅሪ 3/2006
- ❖ ዝተመሓየሸ ኣፈፃፅማ መምርሒ ምልመላን መረፃን ሰራሕተኛታት መንግስቲ ክልል ትግራይ ቑፅሪ 2/2003

## ለ. ትልምታትን ፀብፃባትን

- ዓመታዊ ትልሚን ፀብፃብን 2007 በጀት ዓመት
- ዝተመሓየሸ ትልሚ 2006 በጀት ዓመት
- ናይ 2007 በጀት ዓመት ናይ ደገ ኦዲት ፀብፃብ

## ሐ. ዝተፈተሹ ሰነዳት

ካብ 2005 ካልኣይ ፍርቂ ዓመት-2008 ቀዳማይ ፍርቂ ዓመት በጀት ዓመት ኣብ ዘሎ ጊዜ ኣብ ቤት ፅሕፈት ሲቪል ሰርቪስ ክፍለ ከተማ ዓይደር ዝተፈፀሙ ዝተፈላለዩ ምሕደራ ሓይሊ ሰብ ነቲ መፅናቲ ደገፍቲ ዝኾኑ ሰነዳት ማለትውን

- ዝተካየደ ምደባ፣ ቁፃር፣ ዝውውርን ዕብየትን ሕጋዊ ኣፈፃፅምኦምን
- ኣመሰራርታ ጋንታ ምልመላን መረፃን ኣፈፃፅማ ቃለ ጉባኤን
- ኣወፃፅኣ ምልክታን ፍትሓዊነቱን፣ ከይዲ ፈተናን ኣፈፃፅምኡን፣ ኣተሓሕዛ ኣድለይቲ መረዳእታታት

**በዝሒ ዝተርኣየ ፋይላት**

| ተ.ቑ | ቤት ፅሕፈት | በዝሒ ዝተርኣየ ሰነድ |
|---|---|---|
| 1 | ቤት ፅሕፈት ጥዕና | 24 |
| 2 | ቤት ፅሕፈት ሲቪል ሰርቪስ | 17 |
| 3 | ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን | 21 |
| 4 | ቤት ፅሕፈት ከተማ ልምዓት | 23 |
| 5 | ቤት ፅሕፈት ንግድን ኢንዱስትሪን | 9 |
| 6 | ቤት ፅሕፈት ሰ/ማ/ጉዳይ | 8 |
| 7 | ቤት ፅሕፈት ጉ/መ/ስፖርትን | 8 |
| 8 | ቤት ፅሕፈት ምምሕዳር | 15 |
| 9 | ቤት ፅሕፈት ሚሊሻ | 1 |
| 10 | ቤት ፅሕፈት ፀጥታ | |

| | | |
|---|---|---|
| | | 1 |
| 11 | ቤት ፅሕፈት ደኣንት | 7 |
| 12 | ቤት ፅሕፈት ሕርሻ | 6 |
| 13 | ቤት ፅሕፈት ቤት ምኽሪ | 6 |
| 14 | ቤት ፅሕፈት ጉ/ደ/ኣንስትዮ | 7 |
| 15 | ቤት ፅሕፈት ሕ/ስ/ማሕበር | 4 |
| 16 | ቤት ፅሕፈት ር/ህ/መንግስትን | 4 |
| 17 | ቤት ፅሕፈት ኮ/መ/ትራንስፖርትን | 7 |
| ድምር | | 168 |

## መ. ቃለ- መሕትት ዝተገበረሎም ኣካላት

ኣብ ከይዲ እቲ መፅናዕቲ ሓበሬታ ንምእካብን ተወሳኺ ሓበሬታን መብርሂ ንምርካብ ሓለፍቲ ፣ ክኢላታት፣ ቃለ መሕትት ዝተካየደሎም ኮይኑ ካብዚ ንታሕቲ ዘሎ ሰደቓ ቃል መሕትት ዝተገበረሎም ኣካላት ዘመላኽት እዩ፡፡

**ቃል መሕተት ዝተገበረሎም ኣካላት**

| ዝተሓተቱ ኣካላት | ተባ | ኣን | ድምር | መብርሂ |
|---|---|---|---|---|
| ኣመራርሓ | 2 | 0 | 2 | |
| ክኢላታት | 3 | 3 | 6 | |
| ጠቕላላ ድምር | 5 | 3 | 8 | |

# I. ኣብ ኣፈፃፅማ ዝተረኸቡ ክፍተታት

## 1. ኣብ ኣፈፃፅማ ቁፃር ዝተረኸቡ ክፍተታት

### 1.1 ካብ መምርሒ ወፃኢ ቁፃር ምፍፃም

ምልክታ ክፍቲ መደብ ስራሕ ዝወፅእ ብቕዓትን ክእለትን ዘለዎም ተወዳደርቲ ብስፍሓትን ብበዝሕን ንምዕዳም ብዘኽእል ኣገባብ ክወፅእ ከምዝግባእ፣ ሓደ ካብ ትሕዝቶ ዝወፅእ ምልክታ ክፍቲ መደብ ስራሕ ድማ መደብ ስራሕ ዝሓቶ ዝነኣሰ ተደላይ ክእለት (ትምህርቲ፣ ልምዲ ስራሕን ብቕዓትን) ኣካቲቱ ክሕዝ ከምዘለዎን ኣብ ዝተመሓየሸ ኣፈፃፅማ መምርሒ ምልመላን መረፃን ሰራሕተኛታት መንግስቲ ክልል ትግራይ ቁፅሪ 2/2003 ኣንቀፅ 5/4፣ ኣንቀፅ 12/4/ሸ ብግልፂ ተቐሚጡ ይርከብ፡፡

ይኹንምበር ኣብ ተግባር መፂኻ መደብ ስራሕ ካብ ዝሓቶ ዝነኣሰ ተደላይ ክእለት ወፃእን ተወዳደርቲውን ብስፍሓትን ብበዝሕን ንምዕዳም ብዘየኽእል

ኣገባብ ምልክታ እናወፀን ቁፃር እናተፈፀመን ፀኒሑ እዩ፡፡ እዚ ብኣብነት ኣደጊፍካ ንምርኣይ ብዕለት 10/07/2005 ንናይ ቤት ፅሕፈት ሰ/ማ/ጉዳይ ኣብ ስራሕ መደብ በዓል ሞያ ምርግጋፅ ኢንዱስትርያላዊ ሰላም ብርኪ ስራሕ ፕሳ-5 መ/መ/ቑ 4-ከ12-27-2-4 መሃያ ብር 2,570 ንምቁፃር ዝወፀ ምልክታ ዝተቐመጠ ተደላይ ክእለት ዲግሪ ብሕጊ፣ ማነጅመንት፣ ኢኮኖሚክስ፣ ኬሚስትሪ፣ ባዮሎጂ፣ ፊዚክስ፣ ኢንቫይሮንመንታል ሳይንስን 6 ዓመት ስራሕ ልምዲ ዘለዎ ዝብል እዩ፡፡ እዚ ድማ ምስቲ ኣብ መምርሒ ተደላይ ክእለትን ብቕዓትን ሰራሕተኛታት ብሂራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ቑፅሪ 3/1998 ኣንቀፅ 8/2/ሀ/ ዘቐመጦ በቶም ተቐሚጦም ዘለዉ ዓይነት ንቀዳማይ ንዲግሪ 5 ዓመት ንካልኣይ ዲግሪ ድማ 3 ዓመት፣ ንሞያ ሕጊውን ንቀዳማይ ዲግሪ 3 ዓመት ንካልኣይ ዲግሪ ድማ 1 ዓመት ክኸውን እናተገብአ ዓመት ወሲኽኻ ምውፃእን ንሕጊ ሞያ ድማ ምስቶም ካልኦት ዓይነት ትምህርቲ ማዕረ ትሑት ተደላይ ክእለት ክህልዎ ምግባርን ካብ ኣሰራርሓ ወፃኢ ተኸይዱ እዩ፡፡

ብተመሳሳሊ ብዕለት 14/04/2007 ብቁፅሪ 779ሲ/ሰ/ክ/ከ/ዓ/ር ንናይ ቤት ፅሕፈት ሰ/ማ/ጉዳይ ኣብ መደብ ስራሕ በዓል ሞያ ምርግጋፅ ኢንዱስትርያላዊ ሰላም ብርኪ ስራሕ ፕሳ-5 መ/መ/ቑ 4-ከ12-27-2-4 መሃያ ብር 3,425 ንምቁፃር ዝወፀ ምልክታ መሰረት ዝተቐመጠ ስራሕ ልምዲ ብሞያ ሕጊ፣ ማነጅመንት፣ ኢኮኖሚክስ፣ ኬሚስትሪ፣ ባዮሎጂ፣ ፊዚክስ፣ ኢንቫይሮንመንታል ሳይንስን ንቀዳማይ ዲግሪ 5 ዓመት ንካልኣይ ዲግሪ ድማ 3 ዓመት ብዝብል ተቐሚጡ እዩ፡፡ ይኹንምበር ብሞያ ሕጊ ብመምርሒ ተደላይ ክእለት መሰረት ንቀዳማይ ዲግሪ 3 ንማስተር ድማ 1 ዓመት ክኾን እናተገብኦ ከምቶም ካልኦት ዓይነት ሞያታት ስራሕ ልምዲ ምቅማጡ ኣግባብ የብሉን፡፡

ካልእ ተወሳኺ ኣብነት ብዕለት 21/12/05 ብቁፅሪ 00/00/ሲ/ሰ/ክ/ከ/ዓ/ር ንናይ ቤት ፅሕፈት ሲ/ሰርቪስ፣ ንግድን ኢንዱስትሪን፣ ኮንስትራክሽንን መንገዲን ትራንስፖርትን፣ ፖሊስ ኣብ ስራሕ መደብ ፀሓፊትን ምምሕዳር ኦፊስን ብርኪ ስራሕ ፅሂ-7 ንምቁፃር ዝወፀ ምልክታ እንትርእ ድማ እዚውን ከምቲ ልዕል ኢሉ ዝተገለፀ ካብ መምርሒ ተደላይ ክእለት ኣፈላላይ ዘለዎ እዩ፡፡ እዚውን ኣብቲ ዝወፀ ምልክታ ዝነበረ ትሕዝቶ ተደላይ ክእለት ብSSOM-IT Computer Scienceን 2 ዓመት ስራሕ ልምዲን ወይ COC ንዝሓለፈ ድማ

0 ዓመት ብዝብል ዝተቐመጠ እንትኾን ኣብ መምርሒ ተደላይ ክእለት ነቲ ብርኪ ስራሕ ዝጠልቦ ትሑት ተደላይ ክእለት ኣብዚ ቀጺሉ ዘሎ ሰደቓ ንምርኣይ፦

| ብመምርሒ ተደላይ ክእለት ንፅሂ-7 ዝጠልቦ ትሑት ተደላይ ክእለትን ስራሕ ልምዲን | |
|---|---|
| 12/10 ክፍሊ ዝወድአ | 6 ዓመት |
| ካብ ቤት ትምህርቲ ቴክኒክን ሙያን 10+1 ሰርቲፊኬት ዝተወረቐ/ቀዳማይ ዓመት ኮሌጅ ዝወድአ | 4 ዓመት |
| መደብ ስራሕ ብዝሓቶ መስመር ሙያ ካብ ቤት ት/ቲ ቴክኒክን ሙያን ብዲፕሎማ ዝተመረቐ/ካብ ቤት ት/ቲ ቴክኒክን ሙያን ብ10+2 ብሰርቲፊኬት ዝተመረቐ/2ይ ዓመት ኮሌጅ ዝወድአ | 2 ዓመት |
| መደብ ስራሕ ብዝሓቶ መስመር ሙያ ካብ ቤት ት/ቲ ቴክኒክን ሙያን ብ10+3 ዲፕሎማ ዝተመረቐ/ካብ ኮሌጅ ብዲፕሎማ ዝተመረቐ/3ይ ዓመት ኮሌጅ ዝወድአ | 0 ዓመት |

ኣብዚ ምልክታዚ ተወዳዲረን ዝሓለፋ ወ/ሮ/ሪት ለታይ ታደሰ ኣፅብሃ ብIT Assistance level four ዝተመረቓ እየን፡፡ እዚ ድማ እቲ ዝወፀ ምልክታ ንተጠቃሲት ብዝጥዕምን ካልኦት ብዘይወዳደርሉ መንገዲ ካብ መምርሒ ተደላይ ክእለት ወፃኢ ኣብ ምልክታ ክወፅእ ተገይሩ እዩ፡፡

ካልእ ተወሳኺ ኣብነት ንምውሳኽ ብዕለት29/03/07 ብቑፅሪ 697ሲ/ሰ/ክ/ከ/ዓ/ር ንናይ ቤት ፅሕፈት ሲቪል ሰርቪስን ውዳበን ፍቓድን ቑፅፅርን ኣብ ስራሕ መፀውዒ መደብ ፀሓፊትን ምምሕዳር ኦፊስን ብርኪ ስራሕ ፅሂ-7 ወርሓዊ መሃያ ብር 1,511 ንምቑፃር ዝወፀ ምልክታ መሰረት ኣብዚ ተወዳዲረን ዝሓለፋ ወ/ሮ ሱዑዳ ዓብደልራዚቅ ካብ ዕለት 01/05/2007 ጀሚረን ኣብ መ/መ/ቑ 4-ከ12-11-2-5 ተቆፂረን እየን፡፡ ይኹንምበር እቲ ዝወፀ ምልክታ ቁፃር ምስ መምርሒ ተደላይ ክእለት ኣፈላላይ ዘለዎ እዩ፡፡ ተወሳኺ ተጠቃሲት ኣብ ቤት ፅሕፈት ሲቪል ሰርቪስ ኣብ ተመሳሳሊ ስራሕ ብርኪ ኣቀዲመን ብኰንትራት ተቆፂረናሉ ዝነበራ ወፂኡ ዝነበረ ምልክታ (ብዕለት 30/08/06 ብቑፅሪ 01124/ሲ/ሰ/ክ/ዓ/ር) ካብዚ ናይ ሕዚ ዝተፈለየ እዩ፡፡ ናይ ክልቲኡ ግዜ ዝወፀ ምልክታ ብዝርዝር ንምርኣይ፦

| ብዕለት 30/08/06 ብቑፅሪ 01124/ሲ/ሰ/ክ/ዓ/ር ንፅሂ-7 ንኩንትራ ቑፃር ዝወፀ ምልክታ | | ብዕለት 29/03/07 ብቑፅሪ 697ሲ/ሰ/ክ/ክ/ዓ/ር ንፅሂ-7 ንቀዋሚ ቑፃር ዝወፀ ምልክታ | |
|---|---|---|---|
| 12/10 ክፍሊ ዝወድአ | 6 ዓመት | 12/10 ክፍሊ ዝወድአ | 8 ዓመት |
| ካብ ቤት ትምህርቲ ቴክኒክን ሙያን 10+1 ሰርቲፊኬት ዝተወረቐ/ቀዳማይ ዓመት ኮሌጅ ዝወድአ | 4 ዓመት | ካብ ቤት ትምህርቲ ቴክኒክን ሙያን 10+1 ሰርቲፊኬት ዝተወረቐ/ቀዳማይ ዓመት ኮሌጅ ዝወድአ | 6 ዓመት |
| መደብ ስራሕ ብዝሓቶ መስመር ሙያ ካብ ቤት ት/ቲ ቴክኒክን ሙያን ብዲፕሎማ ዝተመረቐ/ካብ ቤት ት/ቲ ቴክኒክን ሙያን ብ10+2 ብሰርቲፊኬት ዝተመረቐ/2ይ ዓመት ኮሌጅ ዝወድአ | 2 ዓመት | መደብ ስራሕ ብዝሓቶ መስመር ሙያ ካብ ቤት ት/ቲ ቴክኒክን ሙያን ብዲፕሎማ ዝተመረቐ/ካብ ቤት ት/ቲ ቴክኒክን ሙያን ብ10+2 ብሰርቲፊኬት ዝተመረቐ/ይ ዓመት ኮሌጅ ዝወድአ | 4 ዓመት |
| መደብ ስራሕ ብዝሓቶ መስመር ሙያ ካብ ቤት ት/ቲ ቴክኒክን ሙያን ብ10+3 ዲፕሎማ ዝተመረቐ/ካብ ኮሌጅ ብዲፕሎማ ዝተመረቐ/3ይ ዓመት ኮሌጅ ዝወድአ | 0 ዓመት | መደብ ስራሕ ብዝሓቶ መስመር ሙያ ካብ ቤት ት/ቲ ቴክኒክን ሙያን ብ10+3 ዲፕሎማ ዝተመረቐ/ካብ ኮሌጅ ብዲፕሎማ ዝተመረቐ/3ይ ዓመት ኮሌጅ ዝወድአ | 2 ዓመት |
| | | መደብ ስራሕ ብዝሓቶ መስመር ሙያ ካብ ቤት ት/ቲ ቴክኒክን ሙያን ብ10+4 ዲፕሎማ ዝተመረቐ/ካብ ኮሌጅ ብዲፕሎማ ዝተመረቐ/4ይ ዓመት ኮሌጅ ዝወድአ | 0 ዓመት |

እዚ ልዕል ኢሉ ዝተርኣየ ክፍተት ብፍላይ ኣብ ናይ ፀሓፊትን ምምሕዳር ኦፊስን ብተደጋጋሚ ዝተፈፀመን ሕዚውን ዝቕፅል ዘሎ ተግባር እዩ፡፡

## ሳዕቤን

- ካብ መምርሒ ተደላይ ክእለት ወፃኢ ትሕዝቶ ምልክታ እናተቀየረ ምውፅኡን ምቑፃርን ዝተማእኸለ ኣሰራርሓ ንኸይትግበር ዘዕንቅፍን ንፍትው ኣሰራርሓን ብዝምስለካ ክትምራሕ ዘቃልዕ እዩ፣
- ንዝቑፀሩ ሰባት ብዝጥዕም መንገዲ ትሕዝቶ ምልክታ እናተቀየረ ምውፅኡ ብመምርሒ ተደላይ ክእለት መሰረት ዝሐሸ በዝሒን ተወዳደርቲ ተሳቲፎምሉ ዝሐሸ ዓቕሚ ዘለዎ ሰራሕተኛ ከይቑፀር ይገብር፡፡

## መፍትሒ ሓሳባት

- እዚ ክፍተት ኣብ ልዕሊ ዜጋታት ማዕረ ናይ ምቁፃር ዕድል ዝዓፀወን ዓቢይ ናይ ሰናይ ምምሕዳር ሽግር ምዃኑ ብምርዳእ ናይ ቤት ዕሕፈት ኣመራርሓን ፈፀምቲን ብዝግባእ ተገምጊሙ ትምህርቲ ክውሰደሉን ንቖፃሊ ብዘይድገመሉ ክስተኻኸል ክስርሐሉ ይግባእ፣
- ካብ መምርሒ ተደላይ ክእለት ዘቐመጠ ወፃኢ ብተደጋጋሚ ምልክታ እናወፀ ሰራሕተኛ ክቁፀር ዝገበረ ኣካል ድማ ምምሕዳራዊ ስጉምቲ ክውሰደሉ ንሕብር፡፡

## 1.2 ስራሕ ልምዲ እንተየማልአ ምቁፃር

ሓፈሻዊ ሮቅሓታት ምልመላን መረፃን መደብ ስራሕ ዝጠልቦ ተደላይ ክእለትን ብቕዓትን፣ ውፅኢት ኣፈፃፅማ ስራሕ፣ ከም ባህሪ ክፍቲ መደብ ስራሕ ውፅኢት ስራሕ መፅናዕትን ምርምርን፣ ፈተናን ስነ ምግባርን ምዃኖም ኣብ ዝተመሓየሸ ኣፈፃፅማ መምርሒ ምልመላን መረፃን ሰራሕተኛታት መንግስቲ ክልል ትግራይ ቁፅሪ 2/2003 ኣንቀፅ 18/1 ብግልፂ ተቐሚጡ ይርከብ፡፡

ብተመሳሳሊ ኣብ ዝተመሓየሸ ኣፈፃፅማ መምርሒ ተደላይ ክእለትን ብቕዓትን ሰራሕተኛታት መንግስቲ ብሂራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ቑፅሪ 3/2006 ኣንቀፅ 6/3(2) ፊደል "ና" ቐዳማይ ዲግሪ ኣብ ዝሓቱ መደባት ስራሕ ቅድሚ ኮሌጅ ዲፕሎማ ምርካብ ወይ ቅድሚ 3 ዓመት ኮሌጅ ምውዳእ ወይ ካብ 1995 ዓ/ም ጀሚሩ ቅድሚ 10+3 ካብ ቴክኒክን ሞያን ዲፕሎማ ምውዳእ ወይ ካብ 2000 ዓ/ም ጀሚሩ ቅድሚ ብብርኪ 3 ምውዳእ ዝተረኸበ ልምዲ ስራሕ ምስቲ ስራሕ ቀጥታ ኣግባብነት ዘለዎ እንተኾይኑ 2 ዓመት ከም 1 ዓመት፣ ተዘዋዋሪ ኣግባብነት ዘለዎ እንተኾይኑ 4 ዓመት ከም 1 ዓመት ይተሓዝ ይብል፡፡

ይኹንምበር ኣብ ተግባር መፂኻ ንዝወፀ ክፍቲ መደብ ስራሕ ዝጠልቦ ተደላይ ክእለትን ብቕዓትን ዘየማልኡ ሰራሕተኛታት እናተቆፀሩ ፀኒሖም እዮም፡፡ እዚ ብኣብነት ኣደጊፍካ ንምርኣይ ብዕለት 15/12/05 ብቑፅሪ

0090/ሲ/ሰ/ክ/ከ/ዓ/ር ንናይ ቤት ፅሕፈት ከተማ ልምዓት ኣብ ስራሕ መደብ ሓጋዚ ቀያሲ ብርኪ ስራሕ መፕ-8 መ/መ/ቑ 4ከ12-3-1-2-8 ዝወፀ ምልክታ ዝተቐመጠ ተደላይ ክእለትን ደረጃ ትምህርትን ብሰርቨይንግ ሰርተፊኬትን ልፅሊኡን ብተወሳኺ ሶፍትዌር ቶታል ስቴሽን ኮምፒተር ክእለት ዘለዎ 8 ዓመት ስራሕ ልምዲ ዝብል ኮይኑ ኣብዚ ምልክታዚ ተወዳዲሮም ዝሓለፉ ኣይተ መብራህቱ ነጋ ተስፋይ ነዚ መደብ ስራሕ ዝምጥን ልምዲ ስራሕ እንተየማልኡ ካብ ዕለት 01/01/2006 ብብር 1,499 ተቖፂሮም እዮም፡፡ እዚ ድማ ተቆፃሪ ስራሕ ዝጀመረሉ እዋን (መጀመርያ ቑፃሩ) ካብ ዕለት 05/05/2000 ኮይኑ 5 ዓመትን 9 ወርሕን ጥራሕ እናሃለወ እዩ ተቆፂሩ፡፡

ብተመሳሳሊ ንናይ ቤት ፅሕፈት ፀጥታ ኣብ ስራሕ መደብ ኪኢላ ምኽልኻልን ምእላይ ጎንፂ ብርኪ ስራሕ ፕሳ-5/መፕ-12 መ/መ/ቑ 4-ከ12-13-3-1 ንምቑፃር ብዕለት 23/02/2008 ብቑፅሪ 498/ሲ/ሰ/ክ/ከ/ዓ/ር ዝወፀ ምልክታ መሰረት ተወዳዲሮም ዝሓለፉ ኣይተ ሃይላይ ኣፅብሃ ሃ/ማርያም ካብ ዕለት 02/03/2008 ጀሚሩ ወርሓዊ መሃያ ብር 4,325 ተቖፂሮም እዮም። ይኹንምበር ነዚ መደብ ስራሕ ዝምጥን ስራሕ ልምዲ እንተየማልኡ እዮም ተቖፂሮም፡፡ ተጠቃሲ ቅድሚ ዲግሪ ዝነበሮም ስራሕ ልምዲ ምስቲ ሕዚ ተቖፂሮምሉ ዘለዉ ስራሕ ዋላእኳ ቀጥታ ኣግባብነት ዘለዎ እንተኾነ እቲ ስራሕ ልምዲ ግና ዝምጥን ኣይኮነን፡፡ እዚ ድማ ቅድሚ ዲግሪ ዝነበረ ስራሕ ልምዲ ብዲግሪ ድማ ኣርባዕተ ወርሒ ጥራሕ ብምኳኑ ተፀብፂቡ ጠቅላላ ስራሕ ልምዱ እዩ፡፡ እዚ ንምንታይ ከምዝኾነ ዝምልከቶ ሓቲትና ድማ ቅድሚ ዲግሪ ምሓዙ ዲፕሎማ ስለዝነበሮ እዩ እየን ዝብላ፡፡ ይኹንምበር እቲ ነይርዎ ዝተብሃለ ዲፕሎማ ብwater supply construction ኮይኑ ምስቲ ዝሰርሓሉ ዝነበረ ምንም ዓይነት ዘይዛመድ እዩ፡፡

**ሳዕቤን**

- ነቲ መደብ ስራሕ ዝጠልቦ ትሑት ተደላይ ክእለትን ብቕዓትን ዘየማልኡ ሰራሕተኛታት እናተቆፀሩ ብምዕንሓም ኣብ ስራሕ ዝሓሸ ብቕዓትን ኣፈፃፅማን ዘለዎም ሰራሕተኛታት ከይቁፀሩ ብምግባር ኣብቲ ቤት ፅሕፈት ዘይፍትሓዊ ኣሰራርሓ ክነግስ ዝገበረ ኣካይዳ እዩ፡፡
- መምርሒ ምልመላን መረፃን ሰራሕተኛታት ቑፅሪ 2/2003 ኣንቀፅ 18/1፣ መምርሒ ተደላይ ክእለትን ብቕዓትን ሰራሕተኛታት መንግስቲ ብሄራዊ

ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ቑፅሪ 3/2006 ኣንቀፅ 6/3(2) ፊደል ኘ ተጣሒሱ እዩ፡፡

**መፍትሒ ሓሳባት**

- ትሑት ተደላይ ክእለትን ብቕዓትን ስራሕ ልምዲን እንተየማልኡ ሰራሕተኛታት ንምንታይ ይቑፀሩ ከምዝነበሩ ብዝምልከቶ ኣካል ክግምገምን መንቀሊ ናይቲ ፀገም ተፈሊጡ ንቐፃሊ ብዘይድገመሉ ትምህርቲ ብምውሳድ እዚ ኣብ ዝፈፀመ ኣካል ድማ ምምሕዳራዊ ስጉምቲ ክውሰደሉ፣
- ብዘይ ኣግባብ ኣብ ዘይምጥኖም ቦታ ዝተቆፀሩ ኣብ ዝምጥኖም ቦታ ክምደቡን ብዘይኣግባብ ዝተኸፈለ ብር ናብ ካዝና መንግስቲ ኣታዊ ክግበር ይግባእ፡፡

## 1.3 ኣብ መረዳእታ ብቕዓት መረጋገፂ (COC) ዝነበረ ክፍተት ኣፈፃፅማ

### 1.3.1 ኣግባብ ዘይብሉ መረዳእታ ብቕዓት መረጋገፂ (COC) መሰረት ብምግባር ምቁፃር

መረዳእታ ብቕዓት ሞያ ብምቅራብ ናብ ስራሕ ዝተዋፈሩ ሰራሕተኛታት እቲ መረዳእታ ብቑፅ ኮይኑ ዘገልግል ካብቲ መረዳእታ ዝተረጋገፀሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰለስተ ዓመት ከምዝኾነ ኣብ ኣፈፃፅማ መምርሒ መረጋገፂ ብቕዓት ሙያ ሰራሕተኛታት ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ ብሂራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ቑፅሪ 10/2005 ኣንቀፅ 12/1 ብግልፂ ተቐሚጡ ይርከብ፡፡ ይኹንምበር ኣብ ተግባር እዚ መምርሒ ካብ ዝብሎ ወፃኢ ልዕሊ ሰለስተ ዓመት ዝገበረ መረዳእታ ብቕዓት መረጋገፂ (COC) ብምቅራብ እናተቆፀሩ ፀኒሖም እዮም፡፡ እዚ ብኣብነት ኣደጊፍካ ንምርኣይ ብዕለት 10/05/05 ንናይ ቤት ፅሕፈት ፍቓድን ቁፅፅርን ህንፀት ስራሕ መደብ ኣርክቴክት ብርኪ ስራሕ ብርኪ-11 መ/መ/ቑ 4-ከ12-2-2-4 ወርሓዊ መሃያ ብር 3,480 ንምቑፃር ዝወፀ ምልክታ መሰረት ኣብ ምልክታዚ ተወዳዲሮም ዝሓለፉ ኣይተ ኣርኣያ ገ/ሂወት ገ/የሱስ ካብ ዕለት 01/06/05 ጀሚሩ ናይ 6 ወርሒ ፈተነ ቁፃር ከምዝተቆፀሩ ብዕለት 06/06/05 ብቑፅሪ 2142/ክ/ከ/ዓ/ር ዝተፅሓፈ ደብዳቤ ቁፃር የመልክት፡፡ ይኹንምበር ተጠቃሲ ልዕሊ 3 ዓመት ዝገበረ መረዳእታ ብቕዓት መረጋገፂ (COC) ማለትውን ብዕለት 12/01/2002 ዓ/ም ዝተውሃበ ኣቅሪቡ እናሃለወ እዩ ተቆፂሩ፡፡

ብተመሳሳሊ ብዕለት 21/08/07 ብቑፅሪ 1283/ሲ/ሰ/ክ/ከ/ዓ/ር ንቤት ፅሕፈት ሲቪል ሰርቪስ በዓል ሞያ ፅገናን ናውቲ ቴሓርን ግሊጋሎት ምኽሪን ብርኪ ኣርባዕተ ንምቁፃር ዝወፀ ምልክታ መሰረት ተወዳዲረን ዝሓለፋ ወ/ሮ/ት ርግበ ገ/ዮሃንስ ሓጎስ ካብ ዕለት 05/09/07 ጀሚረን ኣብ መ/መ/ቑ 4-ከ12-11-4-4 ወርሓዊ መሃያ ብር 3,425 እናተኸፈለን ተቆፂረን እየን፡፡ ይኹንምበር ናይ ተጠቃሲት ዝቀረበ ግዝያዊ መረዳእታ ብቕዓት መረጋገፂ (COC) ብዕለት 27/01/2003 ዝተውሃበ እዩ ማለትውን ልዕሊ 4 ዓመት ዝፀንሐ መረዳእታ መሰረት እየን ተቆፂረን፡፡

## ሳዕቤን

- ኣግባብ ዘይብሉ መረዳእታ ብቅዓት መረጋገፂ (COC) መሰረት ብምግባር እናተቆፀሩ ምፅንሖም ካልኦት ሕጋዊ መረዳእታ ዘለዎም ዜጋታት ተወዳዲሮም ከይቁፀሩ ዝዓፀወን እዚ ከም ልሙድ ኣሰራርሓ ተወሲዱ ካልኦትውን ሕጋውን ፍትሓዊን ብዘተኽተለ ኣካይዳ ከይቁፀሩ በሪ ይኸፍት፡፡
- መምርሒ መረጋገፂ ብቕዓት ሙያ ሰራሕተኛታት ቑፅሪ 10/2005 ኣንቀፅ 12/1 ተጣሒሱ እዩ፡፡

## መፍትሒ ሓሳባት

- ካብ መምርሒ ወፃኢ ኣግባብ ዘይብሉ መረዳእታ መረጋገፂ ብቕዓት (COC) ንምንታይ ተቐባልነት ይረክብ ከምዝነበረ ዝምልከቶ ኣካል ትኹረት ሂቡ ብዝግባእ ክግምገምን ንቐፃሊ ትምህርቲ ተወሲዱሉ ክስተኻኸል ክግበር ይግባእ፡፡

## 1.3.2 መረዳእታ ብቕዓት መረጋገፂ (COC) እንተይቀረበ ምቁፃር

መረዳእታ ምዘና መረጋገፂ ብቕዓት ሞያ ኣብ ቁፃርን ዕብየትን ከምዘገልግልን ምዘና ብቕዓት ብዋናነት ዝምልከቶም ማእኸለዎትን ታሕተዎትን ኪኢላታትን ማለትውን ሃገራዊ ኣፍልጦ ካብ ዘለዎም መንግስታዊ/ውልቀ ኮሌጃት/ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ ብ10+1 10+2 ሰርተፊኬት ወይ ብ10+3 ዲፕሎማ/ኮሌጅ ዲፕሎማ ዝተመረቁ ወይ ብርኪ I,II,III, IVን Vን ትምህርቶም ወይ ስልጠንኦም

ዝወድኡ እቲ ምዘና ከም ዝምልከቶም ኣብ ኣፈፃፅማ መምርሒ መረጋገፂ ብቕዓት ሙያ ሰራሕተኛታት ኣብያተ ፅዮ መንግስቲ ብሂራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ቑፅሪ 10/2005 ኣንቀፅ 7ን 8ን ብግልፂ ተቐሚጡ ይርከብ፡፡

ይኹንምበር ኣብ ተግባር መፂኻ መምርሒ ካብ ዝብሎ ወፃእ መረዳእታ ብቕዓት መረጋገፂ (COC) እንተየቕረቡ ዝቁፀርሉ ኩነታት ተራእዩ እዩ፡፡ እዚ ብኣብነት ኣደጊፍካ ንምርኣይ ብዕለት 21/04/07 ብቑፅሪ 829/ሲ/ሰ/ክ/ከ/ዓ/ር ንናይ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ኣብ ስራሕ መደብ ሲኒየር ኦዲተር ብርኪ ስራሕ ፕሳ-7 መ/መ/ቑ 4-ከ12-16-4-1 ወርሓዊ መሃያ ብር 4,461 ንምቁፃር ዝወፀ ምልክታ መሰረት ተወዳዲረን ዝሓለፋ ወ/ሮ ራሄል ሓጎስ ኣረጋዊ ካብ ዕለት 08/05/07 ጀሚሩ ዝተቆፀራ ምኳነን ብዕለት 12/05/07 ብቑፅሪ 891/ሲ/ሰ/ክ/ከ/ዓ/ር ዝተፅሓፈ ቁፃር ደብዳቤ የረድእ፡፡ ይኹንምበር ተጠቃሲት ብዲፕሎማ ኮይነን ዝሰርሓሉ ልምዲ ስራሕ ተታሒዙለን እንተብቕዕ መረዳእታ ብቕዓት መረጋገፂ (COC) ከቕርባ እናተገብአን ከየቕረባ እየን ተቆፂረን፡፡

## ሳዕቤን

- መምርሒ ተጣሒሱ እዩ፣
- መረዳእታ COC ንገሊኡ ከማልእ ምግባር ኣብ ካልእ ድማ እንተየማልአ ምቁፃሩ ኣብ ኣሰራርሓ እቲ ቤት ፅሕፈት ኣመኔታ ዘስእንን ሕጋዊ ዘይኮነ ሰራሕተኛ ክቁፀር በሪ ከፊቱ እዩ፡፡

## መፍትሒ ሓሳባት

- መረዳእታ COC እንተየቕረባ ንምንታይ ከምዝተቆፀራ ብዝግባእ ክግምገምን መንቀሊ ናይቲ ፀገም ተፈልዩ ንቐፃሊ ክስተኻኸል ዝምልከቶ ኣካል ግቡእ ኣመራርሓ ክግበሉ ይግባእ፡፡

# 2 ኣብ ከይዲ ፈተና ዝነበረ ክፍተት ኣፈፃፅማ

## 2.1 ፈተና ዘዳለወን ፈተና ዝኣረመን ተፈልዮም ብሓበሬታ ዘይምድጋፍ

ናይ ዕሉፍ ፈተና ብሓባራዊ ጋንታ ምልመላን መረፃን ወይ እቲ ሙያ ብዝግባእ ብዝፈልጦ በዓል ሞያ ክዳሎ ከምዝግባእ፣ ፈተና ዘዳልዉ ዝፍትኑን ዝእርሙን ዝተፈላለዩ ሰባት ክኾኑ ከምዘለዎምን መዳለውቲ ፈተና ዘዳለውዎ ፈተናን ናይ ፈተና መልሲን ነንበይኑ ተፈራሪሞም ኣብ ፖስታ ብምእሻግ ነቲ ሓባራዊ ጋንታ ምልመላን መረፃን ከረክቡ ከምዝግባእ ኣብ ዝተመሓየሸ ኣፈፃፅማ መምርሒ ምልመላን መረፃን ሰራሕተኛታት መንግስቲ ክልል ትግራይ ቁፅሪ 2/2003 ኣንቀፅ 24/1/ሀን ለን ብግልፂ ተቐሚጡ ይርከብ፡፡

ይኹንምበር ኣብ ተግባር መፂኻ እዚ መምርሒ ብዝብሎ ኣገባብ ዘይኸየደሉ ኩነታት ተራእዩ እዩ፡፡ እዚ ብኣብነት ኣደጊፍካ ንምርኣይ ብዕለት 04/10/06 ብቁፅሪ 01327/ሲ/ሰ/ክ/ከ/ዓ/ር ንናይ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ኣብ ስራሕ መደብ ኪኢላ ምእካብን ምትንታንን መረዳእታ ብርኪ ስራሕ ፕሳ-1 መ/መ/ቑ 4-ከ12-16-3-1 ወርሓዊ መሃያ ብር 1,499 ንምቑፃር ዝወፀ ምልክታ መሰረት ተወዳዲረን ዝሓለፋ ወ/ሮ/ሪት ተስፋኪሮስ ተወልደ ካብ ዕለት 16/10/06 ጀሚሩ ከምዝተቆፀራ ብዕለት 16/10/06 ብቁፅሪ 01404/ሲ/ሰ/ክ/ከ/ዓ/ር ዝተፅሓፈ ቁፃር ደብዳቤ የረድእ፡፡ ኣብዚ ከይዲ ቁፃር ግን ኣብቶም መረዳእታታት ፈተናን ናይ ፈተና መልሲን ዘዳለወ፣ ተመሳሳሊ ናይ ተጠቃሲት ናይ ፈተና መልሲ ዝኣረመ ስምን ፌርማን ዝገልፅ ሓበሬታ ኣይተረኸበን፡፡

ብተመሳሳሊ ብዕለት 21/04/07 ብቑፅሪ 829/ሲ/ሰ/ክ/ከ/ዓ/ር ንናይ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ስራሕ መደብ ሲኒየር ኦዲተር ብርኪ ስራሕ ፕሳ-7 መ/መ/ቑ 4-ከ12-16-4-1 ብር 4,461 ንምቁፃር ዝወፀ ምልክታ መሰረት ተወዳዲረን ዝሓለፋ ወ/ሮ ራሄል ሓጎስ ኣረጋዊ ካብ ዕለት 08/05/07 ጀሚሩ ዝተቆፀራ ምዃነን ብዕለት 12/05/07 ብቑፅሪ 891/ሲ/ሰ/ክ/ከ/ዓ/ር ዝተፅሓፈ ቁፃር ደብዳቤ የረድእ፡፡ ይኹንምበር ኣብ ግዜ መፅናዕቲ ዝተፈተሹ ሰነዳት ተመሳሳሊ ፈተናን ናይ ፈተና መልሲን ዘዳለወ ስምን ክታምን ዝገልፅ ሓበሬታ የለን፡፡

ካልእ ተወሳኺ ኣብነት ብዕለት 06/03/08 ብቁፅሪ 564/ሲ/ሰ/ክ/ከ/ዓ/ር ንናይ ቤት ፅሕፈት ሕርሻ ኣብ መደብ ስራሕ ስ/ቴክ/እን/መኖ/ሕ/ወኪል ብስራሕ ብርኪ ኬረር ወርሓዊ መሃያ ብር 2,872 መ/መ/ቑ 4-ከ12-4-1-6 ንምቁፃር ዝወፀ ምልክታ መሰረት ተወዳዲረን ዝሓለፋ ወ/ሮ መድህን ብርሃኑ ወልዱ ካብ ዕለት 18/03/08 ጀሚሩ ከምዝተቆፀራ ብዕለት 20/03/08 ብቁፅሪ 634/ሲ/ሰ/ክ/ከ/ዓ/ር

ዝተፅሓፊ ደብዳቤ ቁፃር የረድእ፡፡ ይኹንምበር ኣብ ከይዲ ቁፃር ዝተፈተሹ ናይ ፈተና ሰነዳት መን ፈተና ከምዘዳለወን መን ፈተና ከምዝኣረመን ዝገልፅ መረዳእታ ኣይተረኸበ፡፡ እዚ ድማ ኣብ ዝተዳለወ ፈተናን ናይ ፈተና መልሲን ስምን ክታምን መዳለዊ፣ ከምኡውን ኣብ ናይ ተፈተንቲ መልሲ ስምን ክታምን ኣራሚ ክዓርፎ እናተገብኦ ኣብቶም ዝተፈተሹ ናይ ፈተና መረዳእታታት ግን እዞም ዝድለዩ ሓበሬታታት ዘይብሉ እዩ፡፡

እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ክፍተታት ኣብ ዝተፈተሹ መረዳእታታት ናይ ዝተዳለወ ፈተናን መልሱን፣ ናይ ተፈተንቲ መልሲን ምኽንያም ጥራሕ ዝገልፅ ኮይኑ እቶም ዝድለዩ ሓበሬታታት ግና ዘየካተተ እዩ፡፡ እዚ ኣብነት እምበር እዚ ክፍተት ብተደጋጋሚ ዝተርአየ ፀገም እዩ፡፡

## ሳዕቤን

- መምርሒ ምልመላን መረፃን ሰራሕተኛታት መንግስቲ ክልል ትግራይ ቁፅሪ 2/2003 ኣንቀፅ 24/1/ሀን ለን ተጣሒሱ እዩ፣
- ኣብ ፈተና መረዳእታታት ናይ መዳለውቲን ኣረምቲን ተፈልዮም ስሞን ክታምን ስለዘይዓረፎ በቲ መምርሒ ዘቐመጦ ከይዲ ፈተና ሕጋዊ ኣሰራርሓ ተኸቲሉ ከይትግበርን ኣብ ከይዲ ኣሰራርሓ እቲ ቤት ፅሕፈት ግልፅነት ስለዘይብሉ ኣመኔታ ከስእን ይገብር፡፡

## መፍትሒ ሓሳባት

- ብመሰረት መምርሒ ምልመላን መረፃን ሰራሕተኛ ቁፅሪ 2/2003 ኣንቀፅ 24/1/ ሀን ለን ሓባራዊ ጋንታ ምልመላን መረፃን ፈተናን ናይ ፈተና መልሲን ዘዳልዉን ናይ ተፈተንቲ ፈተና መልሲ ዝእርሙ ዝተፈላለዩ ሰባት ንምኽንያም ብዝግባእ ነፂሩ ክስይምን ኣብቲ መረዳእታ ስሞምን ክታሞምን ክዓርፍ ብምግባር ከይዲ ፈተና ንኩሉ ግልፂን ሕጋዊን ዝተኸተለ ኣገባብ ክፍፀም ክግበር ዝምልከቶ ኣካል ግቡእ ኣመራርሓ ክህበሉ ይግባእ፡፡

## 2.2 ብሓደ ሰብ ፈተና ምድላውን ምእራምን

ናይ ፅሑፍ ፈተና ብሓባራዊ ጋንታ ምልመላን መረፃን ወይ እቲ ሙያ ብዝግባእ ብዝፈልጦ በዓል ሞያ ክዳሎ ከምዝግባእ፣ ፈተና ዘዳልዉ ዝፍትኑን ዝእርሙን

ዝተፈላለዩ ሰባት ክኾኑ ከምዘለዎምን መጻለውቲ ፈተና ዘጻለውዎ ፈተናን ናይ ፈተና መልሲን ነንበይኑ ተፈሪሮም ኣብ ፖስታ ብምእሻግ ነቲ ሓባራዊ ምልመላን መረፃን ከረክቡ ከምዝግባእን ፈተና ምስተውሃበ ድማ መልሲ ዝሓዘ ፖስታ ብምእሻጉ ንኣራሚ ክወሃብ ከምዝግባእ ኣብ ዝተመሓየሸ ኣፈፃፅማ መምርሒ ምልመላን መረፃን ሰራሕተኛታት መንግስቲ ክልል ትግራይ ቁፅሪ 2/2003 ኣንቀፅ 24/1/ሀን ለን ብግልፂ ተቐሚጡ ይርከብ፡፡ ይኹንምበር ኣብ ተግባር መፂኻ እዚ መምርሒ ካብ ዝብሎ ወፃእ ፈተና ዘጻለወን ፈተና ዝኣረመን ብሓደ ሰብ እናተፈፀመ ፀኒሑ እዩ፡፡ እዚ ብኣብነት ኣደጊፍካ ንምርኣይ ብዕለት 22/09/06 ብቁፅሪ 01272/ሲ/ሰ/ክ/ከ/ዓ/ር ንናይ ቤት ፅሕፈት ከተማ ልምዓት ኣብ መደብ ስራሕ ፅሬት ተክልን ተቆፃፃሪን ብርኪ ስራሕ መፕ-8 መ/መ/ቑ 4-ከ12-3-1-3-7 ወርሓዊ መሃያ ብር 1,499 ንምቁፃር ዝወፀ ምልክታ መሰረት ተወዳዲረን ዝሓለፋ ወ/ሮ/ሪት መብራት ገብረፅዮን ካብ ዕለት 01/10/06 ዓ/ም ጀሚሩ ከምዝተቆፀራ ብዕለት 05/10/06 ብቑፅሪ 01334/ሲ/ሰ/ክ/ከ/ዓ/ር ዝተፅሓፈ ቁፃር ደብዳቤ ይገልፅ፡፡ ይኹንምበር ኣብ ከይዲ ቁፃር ብሓደ ሰብ ፈተና እናተጻለወን እናተኣረመን ፀኒሑ እዩ፡፡ ኣብዚ ፈተና መጻለዊን ኣራሚን ዝነበረ ኣይተ ክብሮም ብርሃነ ካብ ቤት ፅሕፈት ከተማ ልምዓት ዝተወከለ እዩ፡፡

ብተመሳሳሊ ብዕለት 22/01/07 ብቑፅሪ 421/ሲ/ሰ/ክ/ከ/ዓ/ር ንናይ ቤት ፅሕፈት ንግድን ኢንዱስትሪን ኣብ ስራሕ መደብ ኪኢላ ደገፍን ክትትልን ብምቁፃር ዝወፀ ምልክታ መሰረት ተወዳዲረን ዝሓለፋ ወ/ሮ ገነት ገ/ስላሴ እንትኾና ኣብዚ.ውን ፈተና መጻለዊት ኣራሚትን ሓንቲ ሰብ ማለትውን ወ/ሮ መድህን ሕሉፍ ካብቲ ቤት ፅሕፈት ዝተወከላ እየን፡፡ ናይ ፈተና መልሲ ዘጻለወ ድማ ኣይተ ሃይለ ኣሰገዶም እዮም፡፡ እዚ ድማ በቲ መምርሒ መሰረት ፈተናን ናይ ፈተና መልሲን ብሓደ ሰብ ክጻሎ፣ ኣራሚ ድማ ካብዚ ዝተፈለየ ሰብ ክኾን እናተገብኦ ካብዚ ወፃኢ ፈተና መጻለዊን ኣራሚን ሓደ ሰብ ናይ ፈተና መልሲ መጻለዊ ድማ ካልእ ሰብ ክምደብ ምግባሩ ሕጋዊ ኣሰራርሓ ዘይተኸተለ ምንባሩ ዘርኢ እዩ፡፡

## ሳዕቤን

- መምርሒ ምልመላን መረፃን ሰራሕተኛታት መንግስቲ ክልል ትግራይ ቁፅሪ 2/2003 ኣንቀፅ 24/1/ሀን ለን ተጣሒሱ እዩ፣

- ኣብ ከይዲ ፈተና ብሓደ ሰብ ጥራሕ ፈተናን ክዳሎን ክእረምን ምግባሩ መምርሒ ዘይተኸተለ ኣካይዳን ብምዃኑ፣ እዚ ከይዲ ብዝተፈላለዩ ኣካላት ብምፍፃም ክህሉ ዝግባእ ፍትሓዊን ኣሰራርሓ ብምትራፍ ንግዕዝይናን ብልሽው ኣሰራርሓን ዝተቓልዐ እዩ፡፡

## መፍትሒ ሓሳባት

- ብመሰረት መምርሒ ምልመላን መረፃን ሰራሕተኛታት መንግስቲ ክልል ትግራይ ቁፅሪ 2/2003 ኣንቀፅ 24/1/ሀን ለን ፈተና ዘዳልዉ ዝእርሙን ዝተፈላለዩ ሰባት ክኾኑ ብምግባር ፍትሓዊን ግልፅነት ዘለዎ ኣሰራርሓ ክሰፍንን ዘለዎ ልዑል ተራ ብምዃኑ ነዚ ንምፍፃም ዝምልከቶ ኣካል ግቡእ ጠመተ ሂቡ ክሰርሓሉ ይግባእ፡፡

## 3. ኣብ ኣሰያይማን ኣፈፃፅማን ኣባላት ሓባራዊ ጋንታ ምልመላን መረፃን ዝነበረ ክፍተት

ኣብ ዝተመሓየሸ ኣፈፃፅማ መምርሒ ምልመላን መረፃን ሰራሕተኛታት መንግስቲ ክልል ትግራይ ቁፅሪ 2/2003 ኣንቀፅ 17/1 ፊደል ሀ ለ መን ሰን ኣመሰራርታ ግዝያዊ ሓባራዊ ጋንታ ምልመላን መረፃን እንተቐምጥ ኣባላት ሓባራዊ ጋንታ ምልመላን መረፃን ብክልልን ወረዳን ከይዲ ስራሕ ኣመራርሓ ሓይሊሰብ ዝስየሙ ኮይኖም ካብቲ ከይዲ ስራሕ ቁፅሮም ካብ 2 ዘይወሓዱ፣ ሓባራዊ ጋንታ ብኣካቢነት ዝመርሕ ካብ ኣባላት ከይዲ ስራሕ ኣመራርሓ ሓይሊሰብ ሓደ በዓል ሞያ ኮይኑ እቲ ሓደ ድማ ኣባልን ፀሓፊን ኮይኑ ዘገልግል፣ ክፍቲ መደብ ስራሕ ዝርከበሉ ከይዲ ስራሕ ወይ ቤት ፅሕፈት ዝውከል 1 ሰብ ብምክታት ሓባራዊ ጋንታ ከምዝምስረት የቐምጥ፡፡ ይኹንምበር እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተቐመጠ ብዝተፈላለየ ኣገባባት እናተጥሓሰ ፀኒሑን ሕጂውን ዝቅፅል ዘሎ ተግባር እዩ፡፡ እዚኦም ካብ ፊደል ሀ-መ ኣብ ዘለዉ ኣብነታት ወሲድካ ምርኣይ፦

### ሀ. ኣካቢን ፀሓፊን ሓባራዊ ጋንታ ምልመላን መረፃን ዘይምስያም

ኣብ ከይዲ ምልምላን መረፃን መን ኣካቢ መን ፀሓፊ ከይተፈለየ ንኩሎም ኣባላት ምልመላን መረፃን ኣባል ጥራሕ ብምባል እናተሰርሓሉ ፀኒሑን ዝቅፅል ዘሎ ተግባርን እዩ፡፡ እዚ ብኣብነት ኣደጊፍካ ንምርኣይ ብዕለት 19/08/07 ብቑፅሪ 1268/ሲ/ሰ/ክ/ከ/ዓ/ር ንቤት ፅሕፈት ጥዕና ንዘሎ ስራሕ መደብ ፈፃሚ

ቅድመ መጠንቐቕታ ሰርቪላንስ ኣድቫንስን ትምህርቲ ባህርያዊ ለውጥን ሰራሕተኛታት ብዕብየት ንምምዳብ ዝወፀ ምልክታ መሰረት ወ/ሮ ፅጌ ማሞ ቀዳማይ፣ ኣይተ ኣታኽልቲ ገ/ስላሴ ካልኣይ እንትኾኑ ኣብ ቃለ ጉባኤ ግን መን ኣካቢን መንውን ፀሓፊን ተፈልዩ ኣይተቐመጠን፡፡

ብተመሳሳሊ ብዕለት 26/12/07 ብቑፅሪ 238/ሲ/ሰ/ክ/ከ/ዓ/ር ንናይ ቤት ፅሕፈት ሕ/ስ/ማሕበር ኣብ ስራሕ መደብ ፀሓፊት ምምሕዳር ኦፊስን ሰራሕተኛታት ብዝውውር ኣወዳዲሩ ንምቑፃር ዝወፀ ምልክታ መሰረት ተወዳዲረን ዝሓለፉ ወ/ሮ ዘነቡ ካሕሳይ እንትኾና ኣብዚ ዝነበረ ቃለ ጉባኤ ኣካቢን ፀሓፊን ፈልዩ ዘቐምጥ ኣይኮነን፡፡

ናይቲ ቤት ፅሕፈት ሰራሕተኛታት እዚ ናይ copy paste ዝፈጠሮ ፀገም ምዃኑ ዋላኳ ዝሓበሩ እንተኾነ እዚ ከም ኣብነት ክኾን ዝተወሰደ እምበር ዳርጋ ልዕሊ 90% ዝተካየደ ቁፃር ዕብየትን ዝውውርን ዝነበሩ ኣባላት ሓባራዊ ጋንታ ምልመላን መረፃን ኣካቢን ፀሓፊን ዝተሰየሙ ንምዃኖም ዝገልፅ ሓበሬታ ብዘይምህላዉን ብተደጋጋሚ ዝተርኣየ ክፍተት እዩ፡፡

## ለ. ዘይተማልኡ ኣባላት ሓባራዊ ጋንታ ምልመላን መረፃን መሰረት ብምግባር ቁፃርን ዕብየትን ምክያድ

ኣመሰራርታ ሓባራዊ ጋንታ ምልመላን መረፃን እንተቐምጥ ኣባላት ሓባራዊ ጋንታ ምልመላን መረፃን ብከይዲ ስራሕ ኣመራርሓ ሓይሊሰብ ዝስየሙ ኮይኖም ካብቲ ከይዲ ስራሕ ቑፅሮም ካብ 2 ዘይወሓዱ ክኾኑ ከምዘለዎም፣ ክፍቲ መደብ ስራሕ ዝርከበሉ ከይዲ ስራሕ ወይ ቤት ፅሕፈት ዝውክል ድማ 1 ሰብ ብምክታት ሓባራዊ ጋንታ ምልመላን መረፃን ከምዝምስረት ኣብ ዝተመሓየሸ ኣፈፃፅማ መምርሒ ምልመላን መረፃን ሰራሕተኛታት መንግስቲ ክልል ትግራይ ቑፅሪ 2/2003 ኣንቀፅ 17/1 ሀን ለን ብግልፂ ተቐሚጡ ይርከብ፡፡

ይኹንምበር ኣብ ተግባር መፂኻ መምርሒ ካብ ዝብሎ ወፃእ ካብ ቤት ፅሕፈት ሲ/ሰርቪስ ሓደ ኣባል ጥራሕ ብዘለወሉ ሓባራዊ ጋንታ ምልመላን መረፃን ብምምስራት ቁፃር ዝካየድ ኩነታት ተራእዩ እዩ፡፡ እዚ ብኣብነት ኣደጊፍካ ንምርኣይ ብዕለት 29/03/07 ብቑፅሪ 696ሲ/ሰ/ክ/ዓ/ር ንናይ ቤት ፅሕፈት ኮንስትራክሽንን መንገዲን ትራንስፖርትን ኣብ ስራሕ መደብ ኮንስትራክሽን

ፎርማን ንምቁፃር ዝወፀ ምልክታ መሰረት ተወዳዲሮም ዝሓለፉ ኣይተ ኣስፋው ክንፈርግብ ገ/መስቀል ኣብ መ/መ/ቑ 4-ከ12-14-4-8 ብርኪ ስራሕ መፐ-10 ወርሓዊ መሃያ ብር 2,628 እናተኸፈሎም ካብ ዕለት 15/04/07 ጀሚሩ ከምዝተቆፀሩ ብዕለት 15/04/07 ብቑፅሪ 793/ሲ/ሰ/ክ/ከ/ዓ/ር ዝተፅሓፈ ቁፃር ደብዳቤ ይገልፅ፡፡ ኣብዚ ቁፃር ዝነበሩ ኣባላት ምልመላን መረፃን እንትርእ በዝሑም 1 ካብ ቤት ፅሕፈት ሲቪል ሰርቪስ 3 ድማ ካብ ቤት ፅሕፈት ኮንስትራክሽንን መንገዲ ትራንስፖርትን እዮም፡፡ እዚ ድማ ከም መምርሒ ምልመላን መረፃን ካብ ቤት ፅሕፈት ሲቪል ሰርቪስ ከይዲ ስራሕ ኣመራርሓ ሓይሊ ሰብ እንተነኣሰ 2 ሰብ ኣባላት ምልመላን መረፃን፣ ኣካቢን ፀሓፊን ክኾኑ እናተገብኦም 1 ሰብ ጥራሕ ብምስታፍ ቁፃር ምክያዱ ሕጋዊ ኣሰራርሓ ዘይተኸተለ ኣካይዳ እዩ፡፡

ብተመሳሳሊ ክፍቲ መደብ ስራሕ ዝርከበሉ ከይዲ ስራሕ ወይ ቤት ፅሕፈት ዝውክል 1 ሰብ ብምዘይብሉ/ብዘይምክታት/ ሓባራዊ ጋንታ ምልመላን መረፃን ብምምስራት ዕብየት ዝወሃበሉ ኩነታትውን ተራእዩ እዩ፡፡ እዚ ብኣብነት ኣደጊፍካ ንምርኣይ ብዕለት 06/09/06 ብቑፅሪ 01163/ሲ/ሰ/ክ/ከ/ዓ/ር ንናይ ሰሜን ጥዕና ጣቢያ ኣብ ስራሕ መደብ ፀሓፊትን ምምሕዳር ኦፊስን ብርኪ ስራሕ ፅሂ-8 መ/መ/ቑ 2-ከ12-8-2-29 ወርሓዊ መሃያ ብር 1,295 ንምዕባይ ዝወፀ ምልክታ መሰረት ተወዳዲረን ዝሓለፉ ወ/ሮ/ሪት ኣስቴር ኣፅብሃ በርሀ ካብ ዕለት 01/10/06 ጀሚሩ ከምዝዓበያ ብዕለት 18/09/06 ብቑፅሪ 01249/ሲ/ሰ/ክ/ከ/ዓ/ር ዝተፅሓፈ ደብዳቤ ዕብየት ይገልፅ፡፡ ኣብዚ ግን ካብ ቤት ፅሕፈት ሰሜን ጥዕና ጣቢያ ዝተወከለ ኣባል ምልመላን መረፃን ኣብ ዘይሃለወሉ እዩ ዕብየት ተካይዱ፡፡ ኩሎም ኣባላት ምልመላን መረፃን ካብ ቤት ፅሕፈት ሲቪል ሰርቪስ ጥራሕ እዮም ነይሮም፡፡

## ሐ. ብኣካቢት ሓባራዊ ጋንታ ምልመላን መረፃን ቁፃር ምፅዳቅ

ምልመላን መረፃን ብሓባራዊ ጋንታ ምልምላን መረፃን ተካይዱ ብወናኒ ወይ መተሓባበሪ ከይዲ ስራሕ ኣመራርሓ ሓይሊ ሰብ ክፀድቕ ከምዝግባእ፣ ንሓባራዊ ጋንታ ብኣካቢነት ዝመርሕ ካብ ኣባላት ከይዲ ስራሕ ኣመራርሓ ሓይሊ ሰብ ሓደ በዓል ሞያ እንትኸውን ናይ መወዳእታ ውሳነ ብመተሓባበሪ ከይዲ ስራሕ ኣመራርሓ ስራሕ ሓይሊ ሰብ ፀዲቑ ናብ ዝሓተተ ኣካል ከምዝልኣኽ ኣብ ዝተመሓየሸ ኣፈፃፅማ መምርሒ ምልመላን መረፃን ሰራሕተኛታት መንግስቲ

ክልል ትግራይ ቁፅሪ 2/2003 ኣንቀፅ 5/5፣ ኣንቀፅ 17/1/መ ብግልፂ ተቐሚጡ ይርከብ፡፡

ይኹንምበር ኣብ ተግባር መፂኻ መምርሒ ካብ ዝብሎ ኣገባብ ኣካቢት ሓባራዊ ጋንታ ምልመላን መረፃን ቁፃር፣ ዕብየትን ዝውውርን ዘፅድቃሉ ኩነታት ተራእዩ እዩ፡፡ እዚ ብኣብነት ኣደጊፍካ ንምርኣይ ብዕለት 19/09/06 ብቁፅሪ 0/259/ሲ/ሰ/ክ/ከ/ዓ/ር ንናይ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ብውሽጢ ዕብየት ኣብ ስራሕ መደብ ዕደጋ ኦፊሰር መፕ-11 መ/መ/ቑ 1-ከ12-8-2 ወርሓዊ መሃያ ብር 2,249 ዝወፀ ምልክታ መሰረት ተወዳዲሮም ዝዓበዩ ኣይተ ኣሰፋ ወ/ማርያም ደሳለኝ እንትኾኑ ብዕለት 28/09/06 ኣብ ዝተገበረ ውሳነ ቃለ ጉባኤ ዝነበሩ ኣባላት ሓባራዊ ጋንታ ምልመላን መረፃን እዝግሃርያ ደስታ-ኣካቢት፣ ሃይላይ ገ/ሂር- ኣባል፣ ኣለማየ ሃይሉ-ኣባል፣ ንግስቲ ጅወርግስ- ኣባል እንትኾኑ እዚ ዕብየት ግና ብኣካቢት ምልመላን መረፃን ዝኾና ወ/ሮ እዝግሃርያ ደስታ እየን ኣፅዲቐንኦ፡፡

ብተመሳሳሊ ብዕለት 22/09/06 ብቁፅሪ 01272/ሲ/ሰ/ክ/ከ/ዓ/ር ንናይ ቤት ፅሕፈት ከተማ ልምዓት ኣብ መደብ ስራሕ ፅሬት ተክልን ተቆፃፃሪን ብርኪ ስራሕ መፕ-8 መ/መ/ቑ 4-ከ12-3-1-3-7 ወርሓዊ መሃያ ብር 1,499 ንምቁፃር ዝወፀ ምልክታ መሰረት ተወዳዲረን ዝሓለፉ ወ/ሮ/ሪት መብራት ገብረፅዮን ካብ ዕለት 01/10/06 ዓ/ም ጀሚሩ ከምዝተቆፀራ ብዕለት 05/10/06 ብቑፅሪ 01334/ሲ/ሰ/ክ/ከ/ዓ/ር ዝተፅሓፈ ቁፃር ደብዳቤ ይገልፅ፡፡ ይኹንምበር ኣብ ከይዲ ቁፃር ናይቲ ምልመላን መረፃን ኣካቢት ዝነበራ ወ/ሮ እዝግሃርያ ቁፃር ኣፅዲቐን እየን፡፡

ብተወሳኺ ብዕለት 22/01/07 ብቑፅሪ 421/ሲ/ሰ/ክ/ከ/ዓ/ር ንናይ ቤት ፅሕፈት ንግድን ኢንዱስትሪን ንዘሎ ስራሕ መደብ  ኪኢላ ደገፍን ክትትልን ክፍቲ መደብ ሰራሕተኛታት አወዳዲሩ ንምቑፃር በቲ ዝተጠቐሰ ዕለት ዝወፀ ምልክታ መሰረት ወ/ሮ ገነት ገ/ስላሴ ቀዳማይ ዝሓለፉ እንትኾና ብዕለት 30/01/2007 ዝተገበረ ቃለ ኣኼባ ወ/ሮ እዝግሃርያ ደስታ ኣካቢት ምልመላን መረፃን፣ ክልተ ሰባት ካብ ቤት ፅሕፈት ሲቪል ሰርቪስ ክልተ ድማ ካብ ቤት ፅሕፈት ንግድን ኢንዱስትሪን ኣባላት ምልመላን መረፃን እንትኾኑ ወ/ሮ እዝግሃርያ ድማ ናይቲ ምልመላን መረፃን ኣካቢት እናሃለዋ ቁፃር ኣፅዲቐንኦ እየን፡፡

ካልእ ብዕለት 30/01/07 ብቑፅሪ 462/ሲ/ሰ/ክ/ከ/ዓ/ር ንሰሚን ጥዕና ጣቢያ ኣብ ስራሕ መደብ ዕለት ገንዘብ ኣካቢት ብርኪ ስራሕ ዕሂ-6 መ/መ/ቑ 1-ከ12-8-2-4 ወርሓዊ መሃያ ብር 1305 ንምቁፃር ዝወፀ ምልክታ መሰረት ተወዳዲረን ዝሓለፉ ወ/ሮ/ሪት ዘውዱ ሃይለኪሮስ እንትኾና ካብ ዕለት 30/02/07 ጀሚረን ከምዝተቆፀራ ብዕለት 18/02/07 ብቑፅሪ 520/ሲ/ሰ/ክ/ከ/ዓ/ር ዝተፅሓፈ ደብዳቤ ቁፃር የረድእ፡፡ ኣብዚ ከይዲ ድማ ኣካቢት ምልመላን መረፃን እየን ቁፃር ኣፅዲቐንኦ፡፡

## መ. ብሓላፊ ዘይፀደቐ ቑፃር

ምልመላን መረፃን ብሓባራዊ ጋንታ ምልመላን መረፃን ተካይዱ ብመተሓባበሪ ከይዲ ስራሕ ኣመራርሓ ሓይሊ ሰብ ክፀድቕ ክግበር ከምዝግባእ ኣብ ዝተመሓየሸ ኣፈፃፅማ መምርሒ ምልመላን መረፃን ሰራሕተኛታት መንግስቲ ክልል ትግራይ ቁፅሪ 2/2003 ኣንቀፅ 5/5 ብግልፂ ተቐሚጡ ይርከብ፡፡

ይኹንምበር ኣብ ተግባር መፂኻ መምርሒ ካብ ዝብሎ ወፃኢ ከይዲ ምልመላን መረፃን ብዝምልከቶ ሓላፊ ከይፀደቐ ቁፃር ዕብየትን ዝውውርን እናተኻየደ ፀኒሑ እዩ፡፡ እዚ ብኣብነት ኣደጊፍካ ንምርኣይ ብዕለት 14/06/2005 ንቤት ፅሕፈት ቤት ምኽሪ ኣብ ስራሕ መደብ በዓል ሞያ ስልጠናን መፅናዕቲን ብርኪ ስራሕ ፕሳ-5/መፕ-12 መ/መ/ቑ 4-ከ12-16-2-7 ወርሓዊ መሃያ ብር 2,570 ንምቁፃር ዝወፀ ምልክታ መሰረት ተወዳዲረን ዝሓለፉ ወ/ሮ/ሪት ማሬነሽ መንግስቱ ተክለማርያም ብተሓሳቢ ብር 1,499 እናተኸፈለን ከምዝተቆፀራ ብዕለት 09/07/05 ብቁፅሪ 2408/ክ/ከ/ዓ/ር ዝተፅሓፈ ደብዳቤ የረድእ፡፡ ይኹንምበር ኣብ ግዜ ቁፃር ዝነበረ ቃለ ጉባኤ ቁፃር ብሓላፊ ዘይፀደቀ ኣባላት ምልመላን መረፃን ዘይፈረመሉን እዩ፡፡

ብተመሳሳሊ ብዕለት 22/09/2005 ብቁፅሪ 3352/ክ/ከ/ዓ/ር ንናይ ቤት ፅሕፈት ሕርሻ ኣብ ስራሕ መደብ ሰረ/መስ/ቴክ/ሆር/ሕ/ወኪል ብርኪ ስራሕ ኬረር መ/መ/ቑ 4-ከ12-4-1-3 ወርሓዊ መሃያ ብር 1,719 ዝወፀ ምልክታ መሰረት ተወዳዲሮም ዝሓለፉ ኣይተ ኪሮስ ኣሸብር ካብ ዕለት 01/10/2005 ጀሚሩ ከምዝተቆፀሩ ብዕለት 06/10/05 ብቁፅሪ 3187/ክ/ከ/ዓ/ር ዝተፅሓፈ ቁፃር ደብዳቤ የረድእ፡፡ ይኹንምበር ኣብ ከይዲ ቁፃር ዝነበረ ቃለ ጉባኤውን ብሓላፊ ዘይፀደቀ እዩ፡፡

እዚ ንኣብነት ኢሉ ዝቀረበ እምበር ብርክት ዝበለ ቃለ ጉባኤ ምልመላን መረፃን ብዝምልከቶ ሓላፊ እንተይፀደቐ ዕብየት፣ ዝውውርን ቁፃርን ተግባራዊ እናኾነ ፀኒሑ እዩ፡፡

## ሳዕቤን(ሀ-መ)

- ከይዲ ቁፃር ትክክለኛነቱ ብዝምልከቶ ሓላፊ ተረጋጊፁ እንተይፀደቀ ሰራሕተኛታት እናተቆፀሩ ምፅንሖም ኣሰራርሓ ዝጠሓሰ ኣካይዳ እዩ፣
- ኣካቢት ምልመላን መረፃን ኮይና በቲ ሓደ ወገን ድማ ባዕላ ቁፃር ምዕዳቃ እቲ ከይዲ ቁፃር ብካልእ ዝምልከቶ ላዕለዋይ ሓላፊ ትኽኽለኛነቱ ከይተረጋገፀ ክፀድቅን ምግባሩ ከይዲ ኣሰራርሓ እቲ ቤት ፅሕፈት ንግዕዝይናን ብልሽው ኣሰራርሓን በሪ ዝከፍት እዩ፣
- ኣብ ምስረታ ሓባራዊ ጋንታ ምልመላን መረፃን ካብ ቤት ፅሕፈት ሲቪል ሰርቪስን ካብ ክፍቲ መደብ ስራሕ ዝርከበሉ ቤት ፅሕፈትን እንተነኣሰ ክርከቡ ዝግብኦም ኣባላት እንተይተማልኡን ኣብ ከይዲ ምልመላን መረፃን ተራ ዘለዎም ኣባላት እንተይተሳተፉ ዕብየትን ቁፃርን እናተኻየደ ምፅንሑ ሕጊ ዘይተኸተለ ኣካይዳ ብምኻኑ ፍትሓዊ ውሳነ ከይዓርፈሉ ብምግባር ንግዕዝይናን ብልሽው ኣሰራርሓን ዝተቓልዐ እዩ፣
- ኣብ ኣመሰራርታ ሓባራዊ ጋንታ ምልመላን መረፃን ኣካቢን ፀሓፊን ስለዘይስየሙ ኣብ ከይዲ ምልመላን መረፃን ድምፂ ወይ ውሳነ ከዕርፍሉ ኣብ ዝግባእ ግቡኦም ከይዋዕኡን ከይዲ ምልመላን መረፃን ድማ ግልፅነትን ፍትሓዊነትን ከይኸውን ብምግባር፣ ኣብ ኣሰራርሓ እቲ ቤት ፅሕፈትውን ኣመኔታ ከስእን ይገብር፡፡

## መፍትሒ ሓሳባት(ሀ-መ)

- ብዝምልከቶ ኣካል ከይዲ ቁፃር ትክክለኛነቱ ተረጋጊፁ እንተይፀደቐን ንምንታይ ቁፃር ይፍፀም ከምዝነበረ ክግምገምን ንቅድሚት ትምህርቲ ተወሲዱሉ ክስተኻኸል ክግበር፣ ከይተረጋገፀ ቁፃር ኣብ ዝፈፀመ ኣካል ምምሕዳራዊ ስጉምቲ ክውሰደሉ ክግበር፣

- ኣብ ከይዲ ምልመላን መረፃን ኣካቢት እናሃለዋ ተመሊሰን ቁፃር ንምንታይ የዕድቃ ምንባረን ብዝግባእ ክግምገምን ትምህርቲ ተወሲዱሉ ንቅድሚት ክስተኻኸል ክግበር፣ ናይዚ በዓል ዋና ተፈሊጡ ምምሕዳራዊ ስጉምቲ ክውሰደሉ ክግበር፣
- ኣብ ምስረታ ኣባላት ምልመላን መረፃን እንተኣሰ 2 ሰባት ካብ ቤት ፅሕፈት ሲቪል ሰርቪስ፣ ሓደ ድማ ካብ ክፍቲ መደብ ስራሕ ዝርከበሉ ከይዲ ስራሕ ወይ ቤት ፅሕፈት ዝውከል ብምክታት ሓባራዊ ኃንታ ምምስራቱን ኣብ ከይዲ ምልመላን መረፃን ኩሎም ሓሳብን ውሳነን ክህቡ ዝግብኦም ኣካላት ክሳተፉ ብምግባር ከይዲ ምልመላን መረፃን ፍትሓዊ ውሳነ ዝዓረፎ ብምግባር ኣብ ምንጋስ ሰናይ ምምሕዳር ልዑል ኣስተዋፅኦ ከምዘለዎ ብምርዳእ ዝምልከቶ ኣካል ንኣፈፃፅምኡ ግቡእ ኣመራርሓ ክህበሉ ይግባእ፣
- ኣብ ቃለ ጉባኤ ምልመላን መረፃን ኣካቢን ፀሓፊን ብንፁር ዘይቅመጠሉ ምኽንያት ብዝግባእ ክግምገምን ትምህርቲ ክውሰደሉን ናይ እዞም ኣካላትዚኦም ተፈልዮም ምቅማጥን ፍትሓዊን ሕጊ ዝተኸተለ ኣሰራርሓ ኣብ ምስፋን ዝህልዎ ተራ ልዑል ምኳኑ ብምርዳእ ዝምልከቶ ንምስትኽኻሉ ጥቡቅ ክትትል ክገብረሉ ይግባእ፡፡

# 4. ኣብ ኣፈፃፅማ ዕብየት ዝተርኣየ ክፍተት ኣፈፃፅማ

## 4.1 ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ዕብየት ምሃብ

ኣብ ዝተመሓየሸ ኣፈፃፅማ መምርሒ ምልመላን መረፃን ሰራሕተኛታት መንግስቲ ክልል ትግራይ ቁፅሪ 2/2003 ኣንቀፅ 33 ፊደል ሀ መ ረ በ ብርኪ ዕብየት ዝረክብ ሰራሕተኛ ኣብቲ ቤት ዕዮ ብቐዋሚነት ዝተቖፀረ ሰራሕተኛ፣ እንተነኣሰ ናይ ቀረባ 2 ተኸታታሊ ግዜ ማእኸላይ ውፅኢት ኣፈፃፅማ ስራሕ ኣፅጋብን ካብኡ ንላዕሊን ዝኾነ፣ ብርኪ ዕብየት ካብ ዝረክብ እንተነኣሰ 6 ወርሒ ዝመልኦን ኣብ ዝዓብየሉ መደብ ስራሕ 1 ግዜ ውፅኢት ኣፈፃፅማ ስራሕ ዝተመልኣሉ፣ ፈተነ እዋን ወዲኡ ቀዋሚ ሰራሕተኛ መንግስቲ ምስኮነ ኣብ ዝተመደበሉ መደብ ስራሕ ናይ 6 ወርሒ ኣፈፃፅማ ስርሑ ኣፅጋብን ልዕሊኡን ዘምፅአ ይብል፡፡

ይኹንምበር ኣብ ተግባር መፂኻ እዚ መምርሒ ብዝብሎ ዘይኸየደሉ ኩነታት ተራእዩ እዩ፡፡ እዚ ብኣብነት ኣደጊፍካ ንምርኣይ ብዕለት 03/04/2007 ብቑፅሪ 724/ሲ/ሰ/ክ/ከ/ዓ/ር ንናይ ቤት ፅሕፈት ከተማ ልምዓት ከይዲ ስራሕ ፅሬትን ፅባቐን ኣብ ስራሕ መደብ ኪኢላ ምዕባለ ፓርክን ሓምለዎት ቦታታትን ብርኪ ስራሕ ፕሳ-6 ወርሓዊ መሃያ ብር 3,909 ንምቑፃር ዝወፀ ምልክታ መሰረት ተወዳዲሮም ዝሓለፉ ኣይተ ተወልደ ከበደ ኣፅብሃ ካብ ዕለት 21/4/2007 ዓ/ም ጀሚሩ ከምዝተቆፀሩ ብዕለት 21/4/07 ብቑፅሪ 828/ሲ/ሰ/ክ/ከ/ዓ/ር ዝተፅሓፈ ደብዳቤ ቁፃር የረድእ፡፡ ነዚ ቐፂሉ ድማ ብዕለት 14/5/07 ብቑፅሪ 906/ሲ/ሰ/ክ/ከ/ዓ/ር ንቤት ፅሕፈት ከተማ ልምዓት ኣብ ስራሕ መደብ መተሓባበሪ ከይዲ ስራሕ ፅሬትን ፅባቐን ብርኪ ስራሕ ፕሳ-7 መ/መ/ቑ 4-ከ12-3-8-1 ወርሓዊ መሃያ ብር 4,461 ኣወዳዲሩ ንምቑፃር ዝወፀ ምልክታ መሰረት ተወዳዲሮም ዝሓለፉ ኣይተ ተወልደ ከበደ ኣፅብሃ ካብ ዕለት 01/06/07 ጀሚሩ ከምዝዓበዩ ብዕለት 17/06/07 ብቑፅሪ 1022/ሲ/ሰ/ክ/ከ/ዓ/ር ዝተፅሓፈ ደብዳቤ የረድእ፡፡ እቲ ዕብየት ብመልክዕ ቁፃር ብዝብልኳ ደብዳቤ ዝተፅሓፈ እንተኾነ መምርሒ ካብ ዝፈቅዶ ወፃኢ'ን 6 ወርሒ እንተይመልኦን 1 ግዜ ውዕኢት ስራሕ ኣፈፃፅማ ከይተመልኣሉን ፣ ቀዋሚ ሰራሕተኛ እንተይኮነ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ዕብየት ተዋሂቡ እዩ፡፡

## ሳዕቤን

- ዝተመሓየሸ መምርሒ ምልመላን መረፃን ሰራሕተኛታት መንግስቲ ቁፅሪ 2/2003 ኣንቀፅ 33 ፊደል ሀ መ ረ በ ተጣሒሱ እዩ፣
- 6 ወርሒ እንተይመልኦን ኣፈፃፅማ ስርሑ ተራእዩ ቀዋሚ እንተይኮነ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ዕብየት ምሃቡ ሕጊ ከይተኸተለ ዝተፈፀመ ብምዃኑ እቲ ሰራሕተኛ ፍሉይ ረብሓ ክረክብን ንግዕዝይናን ብልሽው ኣሰራርሓ በሪ ዝከፍት እዩ፡፡

## መፍትሒ ሓሳባት

- ካብ መምርሒ ወፃኢ ዕብየት ክወሃብ ምግባሩ ንተቆፃሪ ዝሃቦ ፍሉይ ረብሓን ኣብ ኣሰራርሓ እቲ ቤት ፅሕፈት ኣመኔታ ዘስእንን ብምዃኑ እዚ ዘስዕቦ ጉድኣት ቀሊል ዘይምዃኑ ብምርዳእ ኣመራርሓን ፈፀምቲን እቲ ትካል ብዝግባእ ክግምግምን ንቑፃሊ ትምህርቲ

ክውሰደሉን ናይቲ ፀገም በዓል ዋና ተፈሊጡ ምምሕዳዊ ስጉምቲ ክውሰደሉ ይግባእ፣

- ቅድሚ 6 ወርሒ ምምልኡ ካብ መምርሒ ወፃኢ ዕብየት ናይ ዝረኸበሉ ኣፈላላይ መሃያ ተሓሲቡ (4461-3909=552*5= ብር 2,760)ካብ ዝምልከቶ ኣካል ናብ ናይ መንግስቲ ካዝና ኣታዊ ክግበር ይግባእ፡፡

## 4.2 ካብ መምርሒ ወፃኢ ኣብ ዕብየት ዝተፈለየ ሮቅሓታት ምጥቃም

ኣብ ዝተመሓየሸ ኣፈፃፅማ መምርሒ ምልመላን መረፃን ሰራሕተኛታት መንግስቲ ክልል ትግራይ ቁፅሪ 2/2003 ኣንቀፅ 35/1፣2ን3ን ሓፈሻዊ ሮቅሓታት ብርኪ ዕብየት ስራሕ ዝጠልቦ ብቕዓት፣ ውፅኢት ኣፈፃፅማ ስራሕ፣ ከም ባህሪ ክፍቲ መደብ ስራሕ ውፅኢት ስራሕ መፅናዕትን ምርምርን፣ ፈተና፣ ስነምግባር ኮይኖም ካብ ሓፈሻዊ ነጥቢ ንውፅኢት ኣፈፃፅማ ስራሕ ዝውሃብ ዋጋ 50% ምኳኑን ሕድ ሕድ ቤት ፅዮ በዞም ዝተቐመጡ ሓፈሻዊ መዐቀኒታት መሰረት ገይሩ ናብ ቤት ፅዮኡ ዝርዝር ሮቅሓታት ምልመላን መረፃን ኣቐሪጹ ብምድላው ኣብ ቤት ፅዮኡ ከፅድቅ ከምዝግብኦ የቐምጥ፡፡

በዚ መሰረት ኣብዚ ቤት ፅሕፈት ንዕብየት እናተጠቐምሉም ዝፀንሐ ሮቅሓታት 45% ንፈተና፣ 5% ንፅሬት ማህደር፣ 50% ድማ ንውፅኢት ተኮር ምኳኑ ብርክት ዝበሉ ካብ ዝተካየዱ ዕብየትን ዝውውርን ካብ ሰብ ሞያ ዝሃብዎ ሓበሬታ ምርዳእ ይከኣል፡፡ እዚ ኮይኑ ግና ኣብ ናይ ገሊኡ ዝተገበረ ዕብየትን ዝውውርን ካብዚ ፍልይ ዝበለ ሮቅሓታት ብምጥቃም እናተካየደ ፀኒሑ እዩ፡፡ እዚ ብኣብነት ኣደጊፍካ ንምርኣይ ብዕለት 01/02/06 ብቁፅሪ 00268/ሲ/ሰ/ክ/ከ/ዓ/ር ንናይ ቤት ፅሕፈት ጥዕና ኣብ ስራሕ መደብ ኢንስፔክተር ላይሰንሰር ብርኪ ስራሕ መፕ-12 መ/መ/ቑ 4-ከ12-8-4-1 ወርሓዊ መሃያ ብር 2,570 ብዕብየት ንምምዳብ ዝወፀ ምልክታ ዕብየት መሰረት ኣርባዕተ ሰባት ዝተወዳደሩ እንተኾኑ ኣይተ መኮነን ወ/ትንሳኤ ሓሊፎም ዕብየት ረኺቦም እዮም፡፡ ኮይኑ ግና ኣብ ከይዲ ዕብየት መወዳደሪ ዝተጠቐምሉ ሮቅሓታት እንተርኢ 10%

ንግልጋሎት ዘመን፣ 50% ንውዕኢት ተኮር፣ 40% ንፈተና መሰረት ብምግባር እቲ ናይ ዕብየት ከይዲ መሰረት ዕብየት ተዋሂቡ እዩ።

ብተመሳሳሊ ብዕለት 29/08/06 ብቑፅሪ 01113/ሲ/ሰ/ክ/ከ/ዓ/ር ንናይ ቤት ፅሕፈት ጥዕና ብዕብየት ንምምዳብ ኣብ መደብ ስራሕ ኪኢላ ትልምን ክትትልን ግልጋሎት ሕክምና ስርዓት ቅብብል ሕሙማትን ኪኢላ ቀረብን ክትትልን ኣፋውስን ብርኪ ስራሕ ፕሳ-5/መፕ-12 መ/መ/ቑ 4-ከ12-8-3-1 መሃያ ብር 2,570 ዝወፀ ምልክታ መሰረት መወዳደሪ ሮቅሒታት ብተመሳሳሊ 10% ንግልጋሎት ዘመን፣ 50% ንውዕኢት ተኮር፣ 40% ድማ ንፅሑፍ ፈተና ኮይኑ ኣብዚ ዕብየት ተወዳዲረን ዝሓለፋ ድማ ሲ/ር ህሪት ኣርኣያ እንትኾና 88.44 ብምርካብ ኣብቲ ዝተጠቀሰ ስራሕ መደብ ዓብየን እየን። ኣብ መምርሒ ምልመላን መረፃን ግና ስራሕ ልምዲ ከም ናብ ዕብየት ንምስታፍ ከም መእተዊ እምበር ኣብ ዕብየት መወዳደሪ ሮቅሒ ኣየቐመጦን።

## ሳዕቤን

- እቲ ቤት ፅሕፈት ንብርኪ ዕብየት ክጥቀመሉ ዝግባእ ሮቅሒታት ተፈልዮም እናሃለዉ ኣብ ገሊኡ ብመምርሒ መሰረት ምጥቃም ኣብ ካልእ ድማ ካብ መምርሒ ወፃእ ሮቅሒ እናተጠቐሙ ብርኪ ዕብየት ምሃቡ ወጥነት ዘለዎ ኣሰራርሓን ከይህለን ክፍተት ሰናይ ምምሕዳር ክዓቢን ብምግባር ኣብ ኣሰራርሓ እቲ ቤት ፅሕፈት ኣመኔታ ክስእን ይገብር፣
- ካብ መምርሒ ወፃኢ ሮቅሒ ተጠቒሙ ብርኪ ዕብየት ምሃቡ በዚ ኣገባብ ዝዓበዩ ሰባት ብፍላይ ብዙሕ ዓመት ስራሕ ልምዲ ዘለዎም ሰባት ተጠቐምቲ ንኸኾኑ ስለዝገብር ንግዕዝይናን ብልሽው ኣሰራርሓን በሪ ይከፍት፣
- መምርሒ ተጣሒሱ እዩ።

## መፍትሒ ሓሳባት

- ካብ መምርሒ ወፃኢ ዝተፈላለዩ ሮቅሒታት ብምጥቃም ብርኪ ዕብየት ምሃቡ ንኩሉ ብማዕረ ዝተኣናገደሉ መስርሕ ብዘይምኸታሉ ዘስዕቦ ጉድኣት ከቢድ ብምዃኑ ብኣመራርሓ ፈፀምቲን ብዝግባእ ክግምገምን

መንቀሊ ናይቲ ፀገም ተነጊሩ ትምህርቲ ክውሰደሉን ንቅድሚት ብመምርሒ መሰረት ጥራሕ ክፍፀም ጥቡቅ ክትትል ክግበረሉ ይግባእ፡፡

## 5. ኣድለይቲ መረዳእታታት ዘይምትሕሓዝ

ንመመልከቲ ዝቀርቡ ቃል ሕቶታትን ዝተውሃበ ውፅኢትን፣ ሰነዳትን ውፅኢት ፈተናን፣ ውፅኢት ምስክርነት ዝሃቡ ሰባት፣ ምልከታ ክፍቲ መደብ ስራሕ፣ቃል ኣኼባ ሓባራዊ ጋንታ ምልመላን መረፃን ካልኦት ኣደለይቲ መረዳእታታት ክተሓሓዙ ከምዝግባእ ኣብ ዝተመሓየሸ ኣፈፃፅማ መምርሒ ምልመላን መረፃን ሰራሕተኛታት መንግስቲ ክልል ትግራይ ቑፅሪ 2/2003 ኣንቀፅ 106/1/ ፊደል ሐ መ ሰ ሸ በን ቶን ብግልፂ ተቐሚጡ ይርከብ፡፡

ይኹንምበር ኣብ ተግባር መፂኻ ኣብ ከይዲ ቁፃር፣ ዕብየትን ዝውውርን ኣድለይቲ ሰነዳት ኣብ ማህደር ሰራሕተኛታት ዘይትሓሓዘሉ ኩነታት ተራእዩ እዩ፡፡ ኣብ ከይዲ መፅናዕቲ ኣብ ማህደር ሰራሕተኛታት ዘይተረኸቡ ኣድለይቲ ሰነዳት ኣብዚ ዝቕፅል ሰደቓ ከምዚዝስዕብ ቀሪቡ ኣሎ፡፡

ሽም ሰራሕተኛን ዝተስኣኑ መረዳእታታትን ዘርኢ ሰደቓ

| ተ.ቁ | ሽም ሰራሕተኛ | ቤት ፅሕፈት | ቁፃር ዝተካየደሉ ግዜ | ዝተስኣኑ መረዳእታታት |
|---|---|---|---|---|
| 1. | ሰላም ኣብርሃ | ት/ፋ.ይናንስን | (ቁፃር) 01/06/05 | ቃለ ጉባኤ፣ ፈተናን ናይ ፈተና መልሲ፣ ተቆፃሪት ዝተመለሰ ሰነድ ፈተና |
| 2. | ከድር መሓመድኑር | ሰ/ማ/ጉዳይ | (ቁፃር) 01/08/05 | ቃለጉባኤ፣ ናይ ፈተና መልሲ/ብፈተንቲ ዝተዳለወ/ |
| 3. | ገ/መድህን ወ/ኣረጋይ | ምምሕዳር | (ቁፃር) 01/05/05 | ቃለ ጉባኤ፣ ምልከታ ቁፃር፣ ብኩንትራት ዝተቆፀርሉ መረዳእታ |
| 4. | ሰሻለ ደመወዝ | ሲቪል ሰርቪስ | (ቁፃር) 01/06/05 | ቃለጉባኤ፣ ናይ ፈተና መልሲ/ብፈተንቲ ዝተዳለወ/ |
| 5. | ማሬነሽ መንግስቱ | ቤት ምኽሪ | (ቁፃር) 09/07/05 | ናይ ፈተና መልሲ/ብፈተንቲ ዝተዳለወ/ |
| 6. | ኣኸዛ ሃይለ | ር/ህ/መንግስትን | (ቁፃር) 01/06/05 | ቃለ ጉባኤ፣ ናይ ፈተና መልሲ/ብፈተንቲ ዝተዳለወ/ |
| 7. | ኣምለሰት ግደይ ፀጋይ | ፍቓድንን ቑፅፅርን | (ቁፃር) 01/06/05 | ቃለ ጉባኤ፣ ፈተናን ናይ ፈተና መልሲን |

| ተ.ቁ | ሽም ሰራሕተኛ | ቤት ፅሕፈት | ቁፃር ዝተካየደሉ ግዜ | ዝተስኣኑ መረዳእታታት |
|---|---|---|---|---|
| 8. | በሪሃ ገ/ማርያም | ከተማ ልምዓት | (ቁፃር) 01/07/05 | ናይ ፈተና መልሲ የለን |
| 9. | ኣሰፋ ንጉስ | ደኣንት | (ቁፃር) 09/04/06 | ፈተናን ናይ ፈተና መልሲ የለን |
| 10. | መብራህቱ ነጋ | ከተማ ልምዓት | (ቁፃር) 01/01/06 | ቃለ ጉባኤ፣ ናይ ፈተና መልሲ/ብፈተንቲ ዝተዳለወ/ |
| 11. | መዋእል ታደሰ | ከተማ ልምዓት | (ቁፃር) 01/01/06 | ቃለጉባኤ፣ ናይ ፈተና መልሲ |
| 12. | ኣርኣያ ገ/ሂወት | ፍቓድንን ቑፅፅርን | (ቁፃር) 01/06/05 | ቃለጉባኤ፣ ፈተናን ናይ ፈተና መልሲ፣ ዝተኣረመ ፈተና |

## ሳዕቤን

- መምርሒ ተጣሒሱ እዩ፣
- እዞም ልዕል ኢሎም ዝተስኣኑ ኣድለይቲ መረዳእታታት ኣብ ማህደር ሰራሕተኛታት ብዘይምትሕሓዞም ከይዲ ቁፃር፣ ዝውውርን ዕብየትን ሕጋዊ ኣሰራርሓ ተኸቲሎም ዝተፈፀሙ ንምኻኖምን ትኽክለኛነቶምን ንምርግጋፅ ኣየኽእልን በዚውን ኣብ ኣሰራርሓ እዚ ቤት ፅሕፈት ኣመኔታ ከስእን ይገብር፡፡

## መፍትሒ ሓሳባት

- እዞም ልዕል ኢሎም ዝተስኣኑ መረዳእታታት ንምንታይ ኣብ ማህደር ሰራሕተኛ ከምዘይተትሓሓዙ ብዝግባእ ተገምጊሙ ትምህርቲ ክውሰደሉ ክግበርን ካብ ዘለውዎ ተራእዮም ክተሓሓዙ ክግበር ዝምልከቶ ኣካል ግቡእ ኣመራርሓ ክህበሉ ይግባእ፡፡

## 6. ብክልል ቢሮ ሲቪል ሰርቪስ ዝተውሃበ ውሳነታት ብሙሉእነት ዘይምፍፃም

ኣብ ዝተመሓየሸ ኣፈፃፅማ መምርሒ ምልመላን መረፃን ሰራሕተኛታት መንግስቲ ክልል ትግራይ ቁፅሪ 2/2003 ኣንቀፅ 9/1/ሸ/ ስልጣንን ተግባርን ቢሮ ሲቪል ሰርቪስ ኣብ ምልመላን መረፃን "ብኣብያተ ፅዮ መንግስቲ ዝተፈፀሙ ስራሕቲ ምልመላን መረፃን ኣፈፃፅምኡ ብስሩዕ ትልሚ ይኹን ሃንደበታዊ ምርመራ ብምክያድ ዝተረኸበ ውፅኢት በቲ ኣዋጅ ዓንቀፅ 90 መሰረት ከምዝውስን" ብግልፂ ተቐሚጡ ይርከብ፡፡ በዚ መሰረት ቢሮ ሲቪል ሰርቪስ ኣብ ቤት ፅሕፈት ሲቪል ሰርቪስ ክፍለ ከተማ ዓይደር ምሕደራ ሓይሊ ሰብ

ዝምልከት ኢንስፔክሽ ኣካይዱን ንዝተረኸበ ውፅኢት ውሳነ ዘቑመጠ እንትኾን እዞም ዝተውሃቡ ውሳነታት ግና ብሙሉእነት ዘይትግበርሉ ኩነታት ተራእዩ እዩ፡፡ እዚ ብኣብነት ኣደጊፍካ ንምርኣይ ኣብ ፊደል ሀን ለን ክምዚዝስዕብ ተቐሚጡ ኣሎ፡፡

## ሀ. ብዘይኣግባብ ዝተመደቡ ሰራሕተኛታት ኣብ ዝምጥኖም ቦታ ክምደቡ ዝተውሃበ ውሳነ ዘይምፍፃም

ወ/ሮ እግዝሃርያ ደስታ ካብ ታሕሳስ 01/2005 ጀሚረን ኣብ ቤት ፅሕፈት ሲቪል ክፍለ ከተማ ዓይደር ኣብ ስራሕ መደብ መተ/ትል/ምውፋርን ኣመ/ሓ/ሰብ መ/መ/ቑ 4ከ12-11-2-1 ብርኪ ስራሕ ፕሳ-7 ወርሓዊ መሃያ ብር 3,348 እናተኸፈለን ክምዝተመደባ ብዕለት 05/04/05 ብቑፅሪ 1253/ሲ/ሰ/ኣ6 ብቤት ፅሕፈት ሲቪል ሰርቪስ ዞባ መቐለ ዝተፅሓፈ ምደባ ደብዳቤ ይገልፅ፡፡ ኣብዚ ግዜዚ ተጠቃሲት ዝነበረን ስራሕ ልምዲ እንትርኢ፦

- ካብ 01/12/72-30/01/02 ብመምህርነት
- ካብ 01/02/02-10/03/05 ብምክትል ርእሰ መምህርነት ኮይኑ

ነዚ ምደባዚ ስዒቡን ብቢሮ ሲቪል ሰርቪስ ክልል ትግራይ ብዝተገበረ ውፅኢት ኢንፔክሽንን ኣፀባፅባ ስራሕ ልምድን እቲ ቢሮ ዝሃቦ መብርሂን ውሳነን እንትንርኢ ወ/ሮ እግዝሃርያ ደስታ ተደልዲለናሉ ዝነበራ መተሓባበሪት ክይዲ ስራሕ ትልምን ምውፋርን /መተሓባበሪት HRM/ ምስቲ ዘለወን ስራሕ ልምዲ ናይ መምህርነትን ርእሰ መምህርነትን ኮይኑ ናይ መምህር ስራሕ ልምዲ ናብ ትልምን ምውፋርን ክምዘይትሓዘለን፣ ናይ ር/መምህር ዘገልገልኦ ስራሕ ልምዲ ግና ብመሰረት መምርሒ ተደላይ ክእለት ቁፅሪ 3/1998 ከምኡውን መምርሒ ምልመላን መረፃን ቁፅሪ 2/2003 ዓ/ም ኣብ ኣግባብ ኣተሓሕዛ ስራሕ ልምዲ ብቀጥታን ተዘዋዋርን ኣፀባፅባ መሰረት ክትሓዝ ዝኽእል እኳ እንተኾነ ንፕሳ-7 ከደልድለን ክምዘይኽእልን ካብ ኣቐዲሙ በቲ ቢሮ ተዋሂቡ ዝነበረ ውሳነ ከቅይር ስለዘይኽእል ተጠቃሲት ኣብ ዝምጥነን ክምደባ ክምዝግባእ ብዕለት 30/12/05 ብቁፅሪ መ50/ጠ55/1-10 ካብ ዝተፅሓፈ ደብዳቤ ምርዳእ ይከኣል፡፡

ብተመሳሳሊ ኣይተ እምሩ ሓረጎት ኣለማዮህ ካብ ዕለት 01/03/04 ጀሚሩ ኣብ ቤት ፅሕፈት ሲቪል ሰርቪስ ከባብያዊ ምምሕዳር ዓይደር ኣብ ስራሕ መደብ ኪኢላ ክትትልን ደገፍን መ/መ/ቁፅሪ ከ12-11-3-10 ብርኪ ስራሕ ፕሳ-3 ወርሓዊ

መሃያ ብር 1,968 ዝተመደቦ ምኻኖም ብዕለት 13/03/04 ብቑፅሪ 1758/ሲ/ሰ/ኣ/6-5 ካብ ቤት ፅሕፈት ሲቪል ሰርቪስ ዞባ መቐለ ዝተፅሓፈ ደብዳቤ ምርዳእ ይከኣል፡፡

ካልእ ነዚ ስዒቡ ቤት ፅሕፈት ሲቪል ሰርቪስ ዞባ መቐለ ብዕለት 05/04/05 ብቑፅሪ 1766/ሲ/ሰ/ኣ6 ንተጠቃሲ ዝተፅሓፈ ምድብ ደብዳቤ ካብ ታሕሳስ 01/2005 ኣብ ስራሕ መደብ ኪኢላ ደገፍን ክትትልን መ/መ/ቑ 4ከ12-11-3-2 ብርኪ ፕሳ-5 ተሓሳቢ ብዘማልእዎ ፕሳ-4 ወርሓዊ መሃያ ብር 2,249 ተመዲቦም እዮም፡፡ ኣብዚ ግዜዚ ተጠቃሲ ዝነበሮም ስራሕ ልምዲ እንትርአ፦

- ካብ 19/06/2000-30/04/2001 ብፖስተኛ ተላላኪ
- ካብ 01/05/2001-30/04/2003 ደንቢ መኸበሪ
- ካብ 01/05/2003-30/02/2004 መፀዋዕታ ዓዳሊ
- ካብ 01/03/2004-01/03/2008 ብኪኢላ ክትትልን ገምጋምን ኮይኑ

ነዚ ምደባዚ ስዒቡን ብቢሮ ሲቪል ሰርቪስ ክልል ትግራይ ብዝተገበረ ድሕሪ ውሳነ ኢንፔክሽንን ዳግም ሪኡ ኣፀባፅባ ስራሕ ልምድን እቲ ቢሮ ዝሃቦ መብርሂ እንትንርኢ ኣይተ እምሩ ሓረጎት ተመዲቦምሉ ዝነበሩ ኪኢላ ክትትልን ገምጋምን ምስቲ ዘለዎም ስራሕ ልምዲ ዝተትሓዘሎም ዘይተትሓዘሎምን ንምፍላይ

- ካብ 01/03/2004-30/03/2005 ብኪኢላ ክትትልን ደገፍን 1 ዓመትን 1 ወርሒን
- ካብ 27/03/2003-10/07/2003 ብኪኢላ ትልምን ፅንዓትን 3 ወርሕን 13 መዓልትን ዝቐረበ ስራሕ ልምዲ ተቐባልነት ከምዝረኸበን ካብ 01/06/2001-26/03/2003 ዝተፀብፀበ ስራሕ ልምዲ ግና ንተጠቃሲ ኣብ ርእሲ ስርሖም ደሪቦም ንክሰርሑ ብውክልና ዝተውሃቦም ደብዳቤ ኣብ ማህደሮም ስለዘየለ ተቐባልነት ከምዘይብሉ፣ ካብ 10/08/03-23/02/04 ብኪኢላ ኣፃብዕቲ ዓሻራ 3 ወርሕን 13 መዓልትን ነቲ ዝተመደብሉ መፀውዒ መደብ ስራሕ ኪኢላ ክትትልን ደገፍን ብመሰረት መምርሒ ተደላይ ክእለት ቁ 3/1998ን መምርሒ ምልመላን መረፃን ቁ 2/2003 ብቐጥታን ተዘዋዋሪን ስርዓት ኣፀባፅባ ስራሕ ልምዲ ኣግባብነት ዘይብሉ ምኻኑ፣ በቲ ዝተገበረ ዳግም ምፅራይ ዘለዎም ኣግባብነት ዘለዎ ስራሕ ልምዲ ንፕሳ-4 ዘመድብ ከምዘይኮነ ብዕለት 30/12/05 ብቑፅሪ መ50/ጠ55/1-10 ካብቲ ቢሮ ዝተፅሓፈ ደብዳቤ የረድእ፡፡

ይኹንምበር እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ሰራሕተኛታት ብመሰረት ውፅኢት ኢንፔክሽንን ዝተውሃበ ውሳነ ከይተተግበረ ተሪፉ እዩ፡፡

## ሳዕቤን

- ብክልል ቢሮ ሲቪል ሰርቪስ ዝተውሃበ ውሳነ ብዘይምትግባሩ ካብ መምርሒ ምልመላን መረፃን ወፃኢ ዘይግብኦም ምደባ ዝረኸቡ ሰራሕተኛታት ኣብ ዘይምጥኖም ቦታ እናሰርሑ ክቅፅሉ ስለዝተገበረ ኣብቲ ቤት ፅሕፈት ዘይፍትሓዊ ኣሰራርሓ ክሰፍንን ንግዕዝይናን ብልሽው ኣሰራርሓን በሪ ዝከፈተ ኣካይዳ እዩ በዚውን ኣብ ኣሰራርሓ እቲ ቤት ፅሕፈት ኣመኔታ ክስእን ይገብር፡፡
- እዞም ዝተጠቐሱ ሰራሕተኛታት እዚ ቤት ፅሕፈት ብዘይኣግባብ ኣብ ዘይምጥኖም ቦታ ክምደቡ ብምግባር ገንዘብ መንግስቲ ብዘይኣግባብ ክብላዕ ተገይሩ እዩ፡፡

## መፍትሒ ሓሳባት

- እዚ ብክልል ሲቪል ሰርቪስ ዝተውሃበ ውሳነ ብዘይምትግባሩ ኣብ ስእነት ሰናይ ምምሕዳርን ዝፈጠሮ ክፍተት ኣፈፃፅማ ልዑል ብምኳኑ ብዝግባእ ተገምጊሙ ትምህርቲ ክውሰደሉ ክግበር፣ እዚ ውሳነ ንከይትግበር ዝገበረ ኣካል በዓል ዋና ተፈሊጡ ምምሕዳራዊ ስጉምቲ ክውሰደሉ ክግበር ይግባእ፡፡

## ለ. መረዳእታ Coc እንተየማልኡ ንዝተቖፀሩ ሰራሕተኛታት ዝተውሃበ ውሳነ ብሙሉእነት ዘይትምግባር

ቢሮ ሲቪል ሰርቪስ ክልል ትግራይ ኣብ ቤት ፅሕፈት ሲቪል ሰርቪስ ክፍለ ከተማ ዓይደር ስራሕቲ ምርመራ ኣካይዱ ካብ ዝሃቦም ውሳነታት ሓደ መረዳእታ coc እንተየማልኡ ዝተቖፀሩ ሰራሕተኛታት እቲ ቁፃር ካብ መምርሒ ወፃኢ ዝተፈፀመ ብምኳኑ እዚ ውሳነ ካብ ዝተወሰነሉ እዋን ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት መረጋገፂ ብቅዓት ከቅርቡ ክግበር ከምዘለዎ ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ዝተካየደ መረዳእታ ኢንስፔክሽን እቲ ቢሮ ንምርዳእ ይከኣል፡፡

እዚ ኮይኑ ግና ቤት ፅሕፈት ሲቪል ሰርቪስ ክፍለ ከተማ ዓይደር መረዳእታ ብቕዓት መረጋገፂ እንተየማልኡ ዝተቖፀሩ ሰራሕተኛታት ኣብ ገሊኦም

መረዳእታ Coc ክምፅኡን እስካብ ዘማልኡ ድማ ናብ ቅድሚ ምቁፃሮም ዝነበረ መሃያ ክምለሱ ብስሩፅ ደብዳቤ ክፈልጡ ዝተገበረ እንትኾን ኣብ ካልኦት ድማ ሱቕ ተባሂሉ ተሓሊፉ እዩ፡፡ እዚ ብኣብነት ንምርኣይ ብዕለት 15/12/05 ብቑፅሪ 0090/ሲ/ሰ/ክ/ከ/ዓ/ር ንናይ ቤት ፅሕፈት ከተማ ልምዓት ኣብ ስራሕ መደብ ቀያሲ ብርኪ ስራሕ ፕሳ-4/መፕ-11 መ/መ/ቑ 4-ከ12-3-1-2-6 ወርሓዊ መሃያ ብር 2,249 ንምቁፃር ዝወፀ ምልክታ መሰረት ኣይተ መዋእል ታደሰ ካብ ዕለት 01/01/2006 ጀሚሮም ዝተቆፀሩ እንትኾኑ መረዳእታ ብቕዓት መረጋገፂ (COC) እንተየቕረበ እዮም ተቆፂሮም፡፡ ነዚ ስዒቡ ቤት ፅሕፈት ሲቪል ሰርቪስ ብዕለት 03/06/06 ብቑፅሪ 0711/ሲ/ሰ/ክ/ከ/ዓ/ር ተጠቃሲ መረዳእታ ብቕዓት (COC) እንተየቕረቡ ብጌጋ ስለዝተቆፀሩ ካብ ለካቲት 01/2006 ጀሚሩ ናብቲ ቅድሚ ምቁፃሮም ኣብ ካልእ ወረዳ ይክፈሎም ዝነበረ መሃያ ብር 1,968 እናተኸፈሎም ክፀንሑን ካብ ለካቲት 1/2006-ጥሪ 30/2006 ኣብ ዘሎ ግዜ መረዳእታ ብቕዓት መረጋገፂ ከቕርቡ ከምዝግባእ ኣፍሊጡ እዩ፡፡

ብካልእ ወገን ብዕለት 15/12/05 ብቁፅሪ 0090/ሲ/ሰ/ክ/ከ/ዓ/ር ንናይ ቤት ፅሕፈት ከተማ ልምዓት ኣብ ስራሕ መደብ ሓጋዚ ቀያሲ ብርኪ ስራሕ መፕ-8 መ/መ/ቑ 4ከ12-3-1-2-8 ወርሓዊ መሃያ ብር 1,499 ንምቁፃር ዝወፀ ምልክታ መሰረት ኣይተ መብራህቱ ነጋ ተስፋይ ካብ ዕለት 01/01/2006 ጀሚሮም ዝተቆፀሩ እንትኾኑ ኣብዚ ግና ብዲፕሎማ ናይ ዝሰርሕሉ መረዳእታ ብቕዓት (COC) እንተየቕረቡ እዮም ተቆፂሮም፡፡ እዚ ኮይኑ ግና ከምቲ ልፅል ኢሉ ዝተጠቐሰ መረዳእታ COC እንተየማልአ ብምቁፃሩ ዝተውሃበ ውሳነ የለን፡፡

ካልእ ተመሳሳሊ ኣብነት ብቤት ፅሕፈት ሲቪል ሰርቪስ ከተማ መቐለ ዝተገበረ ሓድሽ ኣወዳድባ መሰረት ወ/ሮ ኣበባ ኪሮስ ኣብርሃ ካብ ታሕሳስ 01/2005 ጀሚሩ ኣብ ስራሕ መደብ ሓበሬታ ዴስክ ወርሓዊ መሃያ ብር 1,295 እናተኸፈለን ከምዝተመደባ ብዕለት 11/04/2005 ብቑፅሪ 2188/ሲ/ሰ/ኣ15 ዝተፅሓፈለን ደብዳቤ ይገልፅ፡፡ ነዚ ስዒቡ ብዕለት 03/06/06 ብቑፅሪ 0710/ሲ/ሰ/ከ/ዓ/ር ካብ ቤት ፅሕፈት ሲቪል ሰርቪስ ክ/ከተማ ዓይደር ናብ ተጠቃሲት ዝተፅሓፈ ደብዳቤ መሃያ ምስትኽኻል ቅድም ክብል መረዳእታ ትምህርቲ ጥራሕ ብምርኣይ ካብ ዝነበረን መሃያ ብር 525 ናብ ብር 1,295 ዓብየን ከምዝተመደባን ነቲ ዘለወን መረዳእታ ትምህርቲ ናይ ብቕዓት መረጋገፂ (COC) ከየቕረባ ምምዳበን ብጌጋ ዝተገበረ ብምኳኑ ካብ ለካቲት 01/2006

ጀሚሩ ብናይ ቅድሚኡ ዝኸፈለን ዝነበረ መሃያ ብር 525 እናተኸፈለን ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት መረዳእታ COC ከቅርባን ከምዝግብእን ብደብዳቤ ኣፍሊጥወን እዩ፡፡

ብካልእ ወገን ብዕለት 11/04/05 ብቑፅሪ 2146/ሲ/ሰበ15 ብቤት ፅሕፈት ሲቪል ሰርቪስ ከተማ መቐለ ዝተገበረ ሓድሽ ምደባ መሰረት ወ/ሮ/ሪት ኣፀደ ዘኪሮስ ኣብርሃ ካብ ዝነበራሉ ስራሕ መደብ መሃያ ብር ካብ ታሕሳስ 01/2005 ዓ/ም ጀሚሩ ኣብ ቤት ፅሕፈት ምምሕዳር ክፍለ ከተማ ዓይደር ኣብ ስራሕ መደብ ሪከርድን ማህደርን ወርሓዊ መሃያ ብር 1,295 እናተኸፈለኩም/ን ክሰርሓ ከምዝተመደባ ይገልፅ፡፡ ይኹንምበር ተጠቃሲት ኣብዚ ምደባ መረዳእታ መረጋገፂ ብቕዓት (COC) እንተየቅረባ ተመዲበን እናሃለዋ ዝተውሃበ ውሳነ ግን የለን፡፡

## ሳዕቤን

- መረዳእታ COC እንተየቀረቡ ንዝተቆፀሩ ሰራሕተኛታት ብቢሮ ሲቪል ሰርቪስ ዝተቐመጠ ውሳነ መሰረት ብሙሉእነት ኣብ ክንዲ ምትግባር ንገሊኡ ክሳዕ መረዳእታ COC ዘምፅእ ወርሓዊ መሃያ ናብ ቅድሚ ምቁፃሩ ክምለስ ምግባርን መረዳእታ COC ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ከማልእ ብደብዳቤ ምፍላጥ፣ ንካልእ ድማ መረዳእታ ዘይብሉ እናሃለወ ሱቅ ኢልካ ምንም ዓይነት ውሳነ እንተይዓረፈሉ ምሕላፍን ኣብ ሞንጎ ተቆፀርቲ ኣፈላላይ ዝፈጥርን ብምኻኑ ክፍተት ሰናይ ምምሕዳር ክህሉ ዝገበረ ኣካይዳ እዩ፣
- ኣብ ኣሰራርሓ እቲ ቤት ፅሕፈት ኣመኔታ ክስእን ይገብር፡፡

## መፍትሒ ሓሳባት

- መረዳእታ ብቕዓት መረጋገፂ እንተየማልኡ ተቆፂሮም ቢሮ ሲቪል ሰርቪስ ዘውረዶ ውሳነ መሰረት ኣብ ሞንጎኦም ኣፈላላይ ብዘፈጥር መንገዲ ዝተኸየደሉ ዋና ምኽንያት ብዝግባእ ክግምገምን ትምህርቲ ተወሲድሉ ሓደ ዓይነት ኣረዳድኣ ክህሉ ክግበር ይግባእ፣
- COC መረዳእታ እንተየማልኡ ዝተቆፀሩን ዛጊድ እቲ መረዳእታ ዘየቅረቡን ሰራሕተኛታት ከማልኡ ክግበር ዝምልከቶ ኣካል ኣመራሓ ክህበሉ ይግባእ፡፡

# መጠቓለሊ

ኣብ ላዕሊ ብዝርዝር ክምዝተቐመጠ እዚ ሰነድ መፅናዕቲ ብዋናነት ኣብ ከይዲ ምሕደራ ሓይሊሰብን ኣፈፃፅምኡን ማእኸል ዝገበረ እዩ፡፡ በዚውን ኣብ ምሕደራ ሓይሊሰብን ሕጋዊ ኣፈፃፅምኡን ዝነበረ ክፍተታትን ዘስዕቦ ደረጃ ጉድኣትን ብምፍላይ/ብምንፃርን ነዚውን መፍትሒ ክኾኑ ዝክእሉ መፍትሒ ሓሳባት ኣቐሚጡ እዩ፡፡

ኣፈፃፅማ ምሕደራ ሓይሊሰብ እንታይ ከምዝመስልን ኣብዚውን ዝተረኸቡ ክፍተታት ስፍሓቶምን ዕምቀቶምን ብምፅናዕ ናይዚኦም ዘብፅሖ ደረጃ ጉድኣቶምን ብኣንፃር ንግዕዝይናን ብልሽው ኣሰራርሓን ክፍፀም ዘኽእል ምችው ባይታ ብምፍላይ ናይዚኦም ዘስዕቦ ጉድኣት/ሳዕቤን ደረጅኡ ዝለዓለ ከምዝኾነ ብምርዳእ ብተፀናዒ ቤት ፅሕፈት ተገምጊሙ ትምህርቲ ክውሰደሉ ብምግባርን ንቕድሚት ትኹረት ተዋሂብዎ ክስርሐሉ ንምግባር ዝዓለመ እዩ፡፡

ኣብ ምሕደራ ሓይሊሰብ ዝምልከት መንግስታዊ ኣብያተ ዕዮ ክምርሓሎምን ክሰርሓሎምን ዝግብኦም መምርሒታት ኣዋጅ ደንቢን ካልኦት ሴርኩላራትን ብክልል ቤት ዕዮ ከም መስርሕ ክኾኑ ዝተልኣኹ እንትኾኑ ነዚኦም ኣሰራርሓታት ዘይምኽባርን ብዝመስለካ ምኻድን፣ ካብ ክልል መሓውር ዝውሃብ መስተኻኸሊ ብሙሉእነት ዘይምትግባር፣ ከይዲ ምሕደራ ሓይሊሰብ ብዝተቐመጠሉ ኣሰራርሓታት መሰረት ተናቢቦም ክፍፀሙ ዘይምግባር ካብ ዝተረኸቡ ርካባት ንምጥቃስ ይከኣል፡፡ እዞም ክፍተታት ገንዘብ/ሃፍቲ መንግስቲ ብምጥፍፋእን ዘይፍትሓዊ ኣሰራርሓ ክሰፍን ብምግባርን ዘየድሊ ኪሳራ ክበፅሕ ብምግባር ንግዕዝይናን ብልሽው ኣሰራርሓን ክቃላዕ ዝገብር እዩ፡፡

ኣጠቓላሊልካ እንትርአ ካብ መምርሒ ወፃኢ ብሓደ ሰብ ፈተና ምድላውን ምእራምን ወይ ፈተና መዳለውቲን ኣረምቲን ብመረዳእታ ዘይምድጋፍ፣ ኣባላት ምልመላን መረፃን ብመምርሒ መሰረት ዘይምስያምን ዘይተማልኡ ኣባላት መሰረት ጌርካ ቁፃር ዕብየትን ዝውውርን ምክያድ፣ ብኣካቢት ምልመላን መረፃን ቁፃር ምፅዳቅ፣ ካብ መምርሒ ወፃኢ ምቁፃርን ምዕባይን፣ COC መረዳእታ እንተየማልኡ ዝተቆፀሩ ሰራሕተኛታት ብሙሉእነት ስጉምቲ ዘይምውሳድ ትኹረት ዝገበረ መፅናዕቲ እዩ፡፡

እዞም ዝተሓበሩ ርካባት ኣብዚ ውፅኢት መፅናዕቲ ዝርዝር ብዝበለ ዝተቐመጡ  ዝተቐመጡ ኮይኖም ነዚኦም ከም መበገሲ ብምውሳድ ካልኦት በዚ መፅናዕቲ  ዘይተዳህሰሱ/ዘይተፀንዑ ብምውሳኽ ኣብ ቐፃሊ ስራሕቲ እዚ ቤት ፅሕፈት ክእረሙ ወይ ክስተኻኸሉን ኩሉ ዝምልከቶ  ሓላፍነት ወሲዱ መምርሒ፣ ኣዋጅን ደንቢን ብዘቐመጦ ኣሰራርሓ መሰረት ጥራሕ ብምፍፃም ካብ ክፍተትን ምፍፃምን ንግዕዝይናን ብልሽው ኣሰራርሓን ተቓላዓይነቶምን ብምድኻም እቶም ክፍተታት ክድፈንሉ ዘኽእሉ ዝተሓበሩ መፍትሒታትን ካልኦት መመሓየሺ ሓሳባትን ብምጥቃም እዚ ውፅኢት መፅናዕቲዚ ሓባራዊ ስራሕ ብምውሳድ ንተግባራውነቱ ሓባራዊ ምርብራብ ክምዘድሊ ንሕብር፡፡